# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.287 | ረቡዕ 31 ሓምለ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሓንቲ ዕዳጋ ዓለምን ስክፍታ እገዳን


ገጽ 5
ቀመር ህይወት


ገጽ 6
ምስጢር ነፋሪት MH370


ገጽ 8
ምልክታ

ገጽ 7
ቀይሕ ባሕሪ፡ ሻምፕዮን . . .



## ደቡብ - ብሞያ ሕርሻ ዝሰልጠና መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ተመሪቐን





ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻን ምምሕዳር ዞባ ደቡብን - ንሓደ ዓመት ብኣካዳሚን ሞያ ሕርሻን ክሰልጥና ዝጸንሓ 347 ኣባላት 34ን 35ን ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብ26 ሓምለ ተመሪቐን፡፡

ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ - ዋና ዳረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ደቡብ ኣቶ ተኪኤ ተወልደ፡ እተን ኣብ ከተማ መንደፈራ ዝተማህራ ሰልጠንቲ፡ ንሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (ማትሪክ) ንምድላው ዝሕግዘን ኣ ካ ዳ ሚ ያ ዊ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ዓውድታት ሃብቲ እንስሳ፡ ልምዓት ብቑሊ፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ሜላታት ምድላው ጥዑ-ጋዝ ዘጠቓልል ሞያዊ ትምህርቲ ከምዝቐሰማ ሓቢሩ፡፡

እተን ሰልጠንቲ፡ ብወህደት ናይ ኩለን ኣብ'ቲ ዞባ ዝርከባ ትካላት መንግስቲ ዕዉት ከምዝነበረ ዝጠቐሰ ኣቶ ተኪኤ፡ ተመረቕቲ ኣብ መደባት ልምዓት እጃመን ንምብርካት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ነቐጣታት ሕርሻ ተመዲበን ክሰርሓ ምኳነን ገሊጹ፡፡

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ሞያዊ ብቕዓት - ኪኢላ'ቲ እትወስዶ ሰልጠና፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ብዀብራዊ ተበግሶን ትግሃትን ከምዝምዕበል ብምግንዛብ፡ ሰልጠንቲ ምስ'ቶም ብተመኩሮን ክእለትን ዝበልጹ ክኢላታት ሕርሻን ሓረስቶትን ተወሃሂደን፡ መኽዘበሮ ሓረስቶትና ንምምሕያሽ ክጽዕራ ኣዘኻኺሩ፡፡

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን እውን፡ ሰልጠንቲ - እቶታውነት ሕርሻ ንምድንፋዕ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ኣበርክቶአን ከዕዝዛ ተላቢዩ፡፡

## ኣህጉራዊ መዓልቲ 'ነድሪ ጸላም ከብዲ' ብደረጃ ሃገር ተዘኪሩ

'28 ሓምለ' - ኣህጉራዊ መዓልቲ ነድሪ ጸላም ከብዲ፡ "ብውሑስ ጽታዊ ርክብ፡ ቫይረስ ዝጠንቆ ነድሪ ጸላም ከብዲ ንክላኸል" ብዝብል ቴማ፡ ብ29 ሓምለ ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ፡፡

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዳይረክተር ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዶ/ር ኣርኣያ ብርሃ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ነድሪ ጸላም ከብዲ፡ ብደረጃ ሃገር ንመጀመርያ ግዜ፡ ብደረጃ ዓለም ድማ ንመበል 16 ግዜ ትዝከር ምህላዋ ብምሕባር፡ ነድሪ ጸላም ከብዲ ብሓሙሽተ ዓይነታት ቫይረስ - ማለት 'ኤ'፡ 'ቢ' 'ሲ' 'ዲ'ን 'ኢ'ን ከምዝፍጠር፡ ብፍላይ ቫይረሳት 'ቢ'ን 'ሲ'ን ልክዕ ከም ኤች.ኣይ.ቪ. ብደምን ዝተበከሉ በላሕቲ ነገራትን፡ ብግቡእ ብዘይመኽኑ መሳርሒታት ሕክምና፡ ካብ ኣደ ናብ ዕሸል፡ ከምኡ'ውን ብፍትው ጾታዊ ርክብ ከምዝመሓላለፉን ክሳብ ሞት ከምዘብጽሑን ኣረዲኡ፡፡

ዶ/ር ኣርኣያ ንጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም ብምጥቃስ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ኣብ መወዳእታ 2022 ብደረጃ ዓለም ብሰንኪ ነድሪ ጸላም ከብዲ 2.2 ሚልዮን ሓድሽ መልከፍቲ፡ 1.3 ሚልዮን ድማ ሞት ከምእተመዝገበ፡ 63 ሚእታዊት ተሳከምቲ ናይ'ዚ ቫይረስ ካኣ - ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ከምዝርከቡ ኣብሪሁ፡፡



ሓላፊት ኣሃዱ ቁጽጽር ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤይድስን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ሰስተር ንግስቲ ተስፋሚካኤል ብወገና፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተ-ሰብ ብዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ሃገርና ካብ 1000 ሰባት እቶም 30 ተሰከምቲ ቫይረስ 'ቢ'፣ እቶም 5 ድማ ተሰከምቲ ቫይረስ 'ሲ' ምዃኖም ሓቢራ፡፡




ስእሊ - ብሳልሕ ዓብደልቓድር

## ሌ/ኮሎኔል ገረዝግሄር የውሃንስ ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ ሌ/ኮሎኔል ገረዝግሄር የውሃንስ ሙብራሁ፡ ብ27 ሓምለ ኣብ መበል 68 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ፡፡

ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1974 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ገረዝግሄር፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ኣሃዱታት ኢጋር ተዋጊኡ ሰራዊትን ከቢድ ብረትን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሜካናይዝድ 74፡ ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ዕቑር ሓይሊ፡ ስታፍ ምምሕዳር ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ እዚ ማእከል፡ ከምኡ'ውን ኣብ ክፍላተ-ሰራዊት 10ን 64ን - እዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ፡፡



ተጋዳላይ ሌ/ኮሎኔል ገረዝግሄር የውሃንስ፡ ኣቦ ሓደ ወላድ እዩ፡፡

ስነስርዓት ቀብሩ፡ ብ28 ሓምለ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት መንደፈራ ተፈጺሙ፡፡

እዚ ህዝባዊ ሰራዊት - ክፍለ ሰራዊት 64፡ ብምስዋእቲ ኣባሉ ጉዳም ተጋዳላይ ሌ/ኮሎኔል ገረዝግሄር የውሃንስ ዝተሰምዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ፡፡

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ሓንቲ ዕዳጋ ዓለምን ስክፍታ እገዳን

ኣብዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ክረኣ ብዘጸንሐ ሓያስቲ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ማሕበራውን ምዕባለታት፡ ዳርጋ ንኹለን ሃገራት ዝትንክፍ ቁጠባዊ ሕልኽላኻት ከም እተኸስተ ይፍለጥ። ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ ብዘዘወልዐ ዕጥቃዊ ግጭት፡ ካብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ንደሓር ተራእዩ ዘይፈልጥ ሓደሽ ቁጠባዊ ወጥርታት ብምዝዋዱ፡ ምትእስሳራት ንግድን ቁጠባን ከም ቀደሙ ንክቕጽል ዘኽእል መድረኽ ይቀላቐል ኣሎ።

እዚ ሓደሽ ተርእዮ ንምምኻትን ረብሓታት ልኡላዊ ሃገራት ንምውሓስን፡ ሃገራት ዓለም የዋጽኦና እዩ ዝበልኦ ስላማዊ ስጉምትታት ክወስዳ ጸኒሐን እየን። ከም ኣብነት፡ ምሕያል ማሕበር ሃገራት ብሪክስን ንዶላር ሒመ.ኣ ክትካእ ዝኽእል ባጤራ ናይ ምውጻእ መደባቱን - ኣቓልቦ ክስሕብ ተራእዩ።

ኣብ መንጎ'ቶም፡ ዶላር ኣመራጺ ከም ቀንዲ ዕቛር ባጤራ ሃገራት ዓለም - ብኻልእ ባጤራ ክትካእ ከም ዝኽእል ዘተንብሁ፡ ዶላር ሓያል ኩይኑ ከም ዝቕጽል ዝኣምኑን ወገናት፡ ብዙሕ ትንተናታት ክሰምዕ ጸኒሑ እዩ። እቲ ሻራ ዘይሓዘ ወገን ድማ፡ 'እንታይከ ይበሃል ኣሎ' እናበለ ይዕዘብ።

ዶላር፡ ቀዳማይ ዕቛር ገንዘብ ዓለም ከይከውን ብኻልእ ክትካእ ዘኽእል ባይታ ስለ ዘይተፈጥረ፡ ብቐሊሉ ብናይ ካልእ ቁጠባዊ ቀጽሪ ክትካእ ከም ዘይክእል - ገለ ክኢላታት ቁጠባ ክገልጹ ይሰምዑ እዮም። ምኽንያቱ ክገልጹ እንከለዉ፡ ከኣ፡ ካብ ቀዳማይ ውግእ ዓለም ጀሚሩ ንባጤራ ኣመሪካ ዝሓየለ ኩነታት፡ ናብ ኩለን ኣህጉራት ዓለም ዝተባጽሐ ነዊሕ ሰራውር ቁጠባ ዘለዎ ኣመጻጽኣ - ብቐሊል ክበተኽ ከም ዘይክእል የረድኡ።

ኣብ'ተን ኣብዚ እዋን እዚ፡ ካብ እገዳታት ብምስጋእ ናይ ቁጠባ ቀጽሪ ማስረተን ብናጻ ንግዲ ተኣሳሰረን ዘለዋ ሓያሎ ዝተጐጃጀላ ሃገራት፡ ብሃገራዊ ባጤራታት ዝካየዳ ንግዲ ካብ ጸግዒ ዶላር ከውጽኣን ከምዘይክኣለ ድማ - ከም ኣብነት ይጠቕሱ። ንሓያሎ ሃገራት ብሓባር ዘገልግል 'ዩሮ' ከም ዕቛር ገንዘብ ዓለምለኻዊ ተቐባልነት እኳ እንተሃለዎ፡ ንዶላር ክመጣጠር ከም ዘይክኣለ እውን የዘኻኽሩ።

ካብ ተጠቀምቲ ዶላር ንምውጻእ ዝደፍእ ቀንዲ ምኽንያት፡ እገዳን ናይ ንግዲ ማሕነቖን ብምፍራሕ እንድሕር ኮይኑ፡ ኣብ ዓለም ዝሰራሓሉ ዘሎ ስርዓት-ንግዲ ዝቕይር መድረኽ ክበጽሕ ኣለዎ። እዚ ድማ፡ ሕጂ ዝፈራረስ ዘሎ ኣሃዱ ቁጥባዊ ስርዓት ብብዙሕ ቁጥባዊ ዓለማዊ ስርዓት ምስ ተተክአ፡ ዩኤስ ዶላር ብዘዝምታ ካብ ዞባኡ ከም ዘይሓልፍ ምግባር ከም ዝከኣል ይኣምኑ። ግና ነዊሕ ዓመታት ክወስድ ከም ዝኽእል ከኣ የተንብሁ።

ካብ ጸግዒ ዶላር ናጻ ዝወጸኣ ዓለምለኻዊ ስርዓት ገንዘብ ክብጽሕ ከም ዝከኣል እውን ይኣምኑ። ግና ዝፈን ንመላእ ዓለም ዝዓምም ቁጠባዊ ቅልውላውን ፋይናንሳዊ ሕንፍሽፍሽን ከይተፈጥረ፡ ዶላር ብቐሊል ክትካእ ከም ዘይክእል የረድኡ።

ኣብ ሓደ ቀጽሪ ተጐጂሎም፡ ናይ ሓባር ባጤራ ንምውጻእ መደባት ዝሓዙ ወገናት ከም ዘለዉ ይፍለጥ። እቲ ዝሕተም ሓደሽ ባጤራ እውን ንህዝቢ ዓለም ካብ ስግኣት እገዳ ከም ዘናግፎ ይግመት። እቲ ቁጠባዊ ቀጽሪ ከም ሓደ ፖለቲካዊ ቀጽሪ እንድሕር ደልዲሉ፡ ናይ ርእሱ መለክዒታት እገዳ ኣውጺኡ ንድኻ ህዝቢ ዓለም ከጨንቕ ዝኽእልሉ የለን።

ብእገዳን ቁጠባዊ ማሕነቖን ዝተተንከፋ ሃገራት፡ ካብ ተጠቀምቲ ዶላር ክወጽኣሉ ዝኽእላን ኣማራጺታት ክፈታትና ጸኒሐን እየን። ክሳዕ ሕጂ፡ ካብ ኣገልግሎት ዶላር ናጻ ኩይኑ ብሓደሽ ባጤራ ዝግልገል ቀጽሪ ንግዲ ወይ ዞባ እኳ እንተዘይሃለወ፡ ንመጻኢ ግዜ ክምዕበል ዝኽእል መሰረታት ይጣጣሐ ከምዘሎ ግን ምርዳእ ይከኣል። ድሕሪ ዝሓሉል ኩናት ክልተ ፖለቲካዊ ደንበታት፡ ኣብ መላእ ዓለም ሰፊኑ ንዝጸንሐ ምልኪ ዶላር ምስ ኣብ'ዚ እዋን ዝፍጠር ዘሎ ሓያስቲ መድረኻት፡ ተቐባልነቱ ክቕጽል ዘይጉብር ሓያሎ ምኽንያታት ኣሎ።

ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ዝቐጸለ ግጭት ዝፈጠሮ ቁጠባዊ ምዕባለታት፡ ሃገራት ዓለም ካብ ዶላር ወጻኢ ካልእ ኣማራጺታት ከናድያ ኣጉዲደወን እዩ። ሓደ ኣህጉራዊ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ካብ 2021 - ማለት ቅድሚ ግጭት ምብራቕ ኤውሮጳ ምውላዑ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ውልቀሰባትን ኩባንያታትን ልዕሊ 8 ሽሕ እገዳታት ሽሪና ምንባራ የረድእ። ድሕሪኡ ኣብ ዝማዕበለ ኩነታት ዓለም፡ እቲ ኣሃዝ ኣገዱ ከም ዝዓረገ ይንገር። ብዘይካ እተን ካብ 60ታት ኣትሒዙ ከቢድ ዕጽዋ ዝተጉበረለን ሃገራት፡ ሰደድ ሸቐጥ ናብ ኣመሪካ ከየእትዋ ዝተኣገዳ 19 ሃገራት ከምዝለዋ እውን ጸብጻባት የገንዝቡ።

እዚ ኩነታት እዚ፡ ከም ንቡር ቁጠባዊ ማሰርሕ ዓለም ተገይሩ ክውሰድን ንወለዶታት ክቕጽልን ዘይግባእ ብምኻኑ፡ ዶላር ድሕሪ ነዊሕ ግዜ እውን እንተኾነ ክግለፍ ኣለዎ - ዝበሉ ወገናት፡ ኣማራጺታት ክፍትሹ ይግደዱ ኣለዉ።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ እናተለምደ ዝኸደ፡ ብቑጠባ ሓያላት ሃገራት ኣብ ክንዲ ናይ ሓባር ባጤራ ምውጻእ ናይ ክልቲአን ሃገራት ባጤራ ኣብ ክልቲኡ ሃገራዊ ባንክታት ከምዝሰርሕ ብምግባር፡ ናይ እንካን-ሃባን ንግዲ የካይዳ ኣለዋ። እዚ ሜላ እዚ ግና፡ ርጉእ ፋይናንሳዊ ምሕደራ ኣብ ዘለወን ብቑጠባ ዝደልደላ እምበር፡ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ክሰርሕ ኣይክእልን። ኣብ ኣፍሪቃ እንተዝፍተን እቲ ድኹም ባጤራ ነቲ ሓያል ባጤራ ስለምዎ ናብ መዓሙቕ የእትዎን ንዋጋ መጉበን ሸቐጥን ድማ - ኣዝዩ ከጽህሮ ይኽእል። ነተን ሃገራት ከኣ ብድኽነት ኣደላዲሉ ማዕረ ይጉበረን።

ናይ ወረቓት ይኹን ናይ ሓጺን ገንዘብ፡ ካብ ተጠቀምቲ ክተርፍ ኣለዎ ዝበሉ ወገናት እውን ኣለዉ። ከም ቢትኮይን ዝኣመሰሉ ባጤራ-ኣልቦ ገንዘብ ብደረጃ ዓለም ክሰፍሕን ዓለምለኻዊ ጥሪት ገንዘብ ክኸውንን ዝጉስጉሱ ኣለዉ። እዚ፡ ካብ ምልኪ ናይ ሓንቲ ሃገር ባጤራ ከድሕና ይኽእል ይኾውን፡ ካብ እገዳ ከመይ ከድሕና ከምዝኽእል ግን መረዳእታ ኣየቕርቡን። ዓለም፡ ሓንቲ ዕዳጋ ክሳብ ዝኾነት፡ ባጤራ-ኣልቦ ገንዘብ ከመይ ካብ እገዳ ከድሕና ይኽእል . . .?



## ዘመናት ዘየድከሞ ሓይሊ 'ወርቂ' ከም ባጤራ

ናይ ኣየርን ምድርን መጉዓዝያ ኣብ ዘይማዕበለሉ - ኣብ መጀመርታ መበል 20 ክፍለዘመን፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዝግበር ንግዳዊ ንጥፈታት፡ ብመጠን እቲ ኣብ ጉዕዞ ዝጠፍእ ግዜ ኣዝዩ ዝሓሉል እዩ ነይሩ። ካብ ኣህጉር ናብ ኣህጉር ዝካየድ ንግዲ እውን፡ ብሃፋ ብዘጻግዝ መራኸቢ ስለዘካየድ ቅልጡፍ ናይ ንግዲ ምልውዋጥ ኣይነበረን። እቲ ንግዲ እውን ምስ'ቲ ርሕቡት ርሕቀት ብዘሰማምዕ ቀሱብቕስ ዝማዕበለ ናይ ግዚኡ ርእሱ መለለይታት ነይርዎ።

ሃገራውያን ባጤራታትን ነጋዶን ዝራኸቡሉ ዕድላት ጸቢብ ስለዝነበረ፡ ብዓዚን ርሕቀትን ዘይጸበለ ተደላይነቱ ኾይኑ ቀጻሊ ዝኸሶ - ናይ ሓባር መናጉዲ ክህሉ ግድን ነበረ። ወርቂ።

ሃገራት ኤውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን፡ ሃገራዊ መለለዩ ዝኾኑ ባጤራታት እኳ እንተነበረን፡ ብመንጽር ሓይሊ ንግዲን ቁጠባን - እተን ሃገራት ዝሸረፍ ወርቂ ከም ቀዋሚ ገንዘብ ይጥቀማ ነይረን። ነፍሲ-ወከፍ ሃገር፡ ባጤራኣ ብመንጽር ሓንቲ ግራም ወርቂ ዘለዎ ዋጋ ወሲኑን ስለዝኸኑ፡ ሰዋር ደብት ንግዲ ዘካይዱ ሰባት ብወርቂ የሳልጡ ነይሮም። ባጤራ ወረቓት ዘለዎ እውን ኣብ ባንኪ ከይዱ ወርቂ ክዕድግ ይኽእል። ወይ ከኣ ወርቂ ሂቡ ባጤራ ወረቓት ክገዝእ ይኽእል ነይሩ። ምስ ምንዋሕ ዓመታት ከኣ፡ ብቑጠባ ብርቱዕ ናይ ዝበለ ሃገራት ባጤራ - ኣብ ካልኦት ሃገራት ናይ ምኽዛን ልምዲ ክረኣ ጀሚሩ።

ስለ'ዚ፡ እቲ ናይ ካልእ ሃገር ባጤራ ብመንጽር ወርቂ ዘለዎ ሓይሊ ተለኪዑ፡ በቲ ናይ ዘቤታዊ ባጤራ ይዕደግ ነበረ። ብዘተፈላለየ ኣሰማማዕ ይጸዋዕ ደኣ እምበር፡ ኣብ ምልእቲ ዓለም ሓንቲ ባጤራ ነይራ ማለት እዩ።

ቀዳማይ ውግእ ዓለም ምስ ተወልዐ፡ ወርቂ ከም መለክዒ ዋጋ ባጤራ ዝነበሮ ኣገልግሎት ተቛሪጹ ጸኒሑ። ድሕሪ እቲ ውግእ ወርቂ ከም መለክዒ ዋጋ ባጤራ ክቕጽል ጀሚሩ እኳ እንተነበረ፡ ኣመሪካን ፈረንሳን ወርቂ ናብ ሃገረን ዝውሕዘሉ ፖሊሲታት ቁጠባ ብምጅማረን፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ቁጠባዊ ጸገማት ክፈጥር ክኢሉ። ሓያሎ ሃገራት ድማ፡ ወርቂ ከም መለክዒ ዋጋ ባጤራ ካልኦት ሃገራት ከይቕጽል ከልከለኦ።

ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ኣጋ ምውዳኡ፡ ካብ ፍርሰራስ እቲ ውግእ ኣብ ዝሀወጻ ሃገራት ምዕራብ ዘገልግል ሓደሽ ስርዓት-ገንዘብ ክሕንጸጽ ግድን ነበረ። ዘይምርግጋእ ዋጋ ባጤራታት፡ ሕሰራንን ክብርን ዋጋ ባጤራታት፡ ቀዋሚ ዋጋታት ዘዘብዑ ኩነታት ኣብ ምቁጽጻር ዘኽእል ፖሊሲታት ከርቅቑ እምበኣር - "ብረቶን ዉድስ" ኣብ ዝተባህለ ቦታ ተኣከቡ። ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ (ኣይ. ኤምኤፍ) ክምስረቱ ድማ ተሰማሚዖ። እቲ ትካል፡ ካብተን ሃገራት ምዕራብ ብዘዋጽኦ ገንዘብ ዝቖመ ኩይኑ፡ ናይ ዕዳ ጋግ ንዘጠዘለን የለቅሕ፡ ቀዋሚ ናይ ባጤራታት መቀያየሪ ዋጋ የጽድቕ።

ትካል ኣይኤምኤፍ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ምምስራቱ፡ ዩኤስ ዶላር መቀያየሪ ባጤራታት ዓለም ኩይኑ፡ ዶላር ብመንጽር ወርቂ ኸኣ፡ ቀዋሚ ዋጋ ተሰለዐሉ። ብወርቂ ዶላር ክዮዝእ ይከኣል፡ ብዶላር ወርቂ ክዮዝእ ይከኣል። ሃገራት ንሓድሕደን ኣብ ዝነበራኦ ንግዲ፡ ብዶላር ይጥቀማ። ዶላር ከም ወርቂ ይሕሰብ ስለዝነበረ፡ ሃገራት ብመንጽር ዶላር ዋጋ ዘቤታዊ ባጤራ ይወስና።

ንዶላር ከም ዕቛር ሃገራዊ ባጤራ ብምኽዛን፡ ዘቤታዊ ባጤራታት ከምዝጥዕም የሕስራን የኽብራን። ብዘኽዘናኦ ዶላር ከኣ፡ ወርቂ ካብ ኣመሪካ ይገዝኣ። እዚ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ዝግበር ፖሊሲታት፡ ነቲ ኣመሪካ ዝተሰማምዓትሉ ሽርፈ ዶላር ብመንጽር ወርቂ ብቐዋሚ ከይቕጽል ከለእዎ።

ስለ'ዚ፡ ፕረዚደንት ሪቻርድ ኒክሰን ኣብ 1971፡ ዶላር ዓለምለኻዊ ናይ ወርቂ መለክዒ ኩይኑ ከየገልግል ብምኽልካል፡ ኣመሪካ ወርቂ ከም ዘይትሸይጥ ኣፍለጠ። ዶላር፡ ከም ሓያል ባጤራ ዓለም ኩይኑ ክቕጽል ግና፡ ዝኸልክሎ ኣይነበረን - ይቕጽል ከኣ ኣሎ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳጸ 1284

ሪፖርታዥ

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)
ስእሊ፦ ኣቤል በረኸት

ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ብ28 ሓምለ 2024፡ ሚኒስተራት፡ ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን መራሕቲ ሃይማኖት፡ ሓለፍቲ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡



ፕሮፈሰር ገብራይ ኣስገዶም

ዕዱማት ኣጋይሽን ወለዲ ተመረቕቲን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ መበል 17 ግዜኡ ምዕሩግ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኣካይዱ።

ኣብ'ቲ ሰዓት 9:00 ቅ.ቐ ብዘኽሪ ሰማእታት ዝጀመረ ስነ-ስርዓት ምምራቕ፡ ዲን ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ፕሮፈሰር ገብራይ ኣስገዶም፡ ቃል ኣሰማዐ። ንሱ፡ ንተመረቕቲን ወለዲን፡ "እንቋዕ ኣብቃዕኩም - የሃና!" ድሕሪ ምባል፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ካብቶም ቀወምቲ ዓንዲ ፖሊሲ ምምዕባል ኤርትራ ምዃኑ ገለጸ። ብኡ መጠን ድማ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ኣብ ዝሓለፈ ዕስራ ዓመታት፡ ልዑል ቀጽሪ ዘለዎ ዓቕሚ ሰብ ኣምሂሩ ናብ ስራሕ ዓለም ከምዘጸንበረ ኣረዲኡ።


ሻም ኣማኑኤል

ፕሮፈሰር ገብራይ ኣስዒቡ፡ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ፡ ሎሚ ዓመት፡ ብዓውዲታት ስነ-ህይወት፡ ስነ-ቀመም፡ ስነ-ምድሪ፡ ስነ-ሕሳብ፡ ፊዚክስን ስታቲስቲክስን ዘምሃሮም 263 ተማሃሮ ብማዕርግ ዲግሪ የመርቕ ከምዘሎ ሓቢሩ። ካብዚኦቶም፡ 87 ብስነ-ህይወት፡ 57 ብስነ-ቀመም፡ 26 ብስነ-ምድሪ፡ 29 ብስነ-ሕሳብ፡ 28 ብፊዚክስ፡ 36 ድማ ብስታቲስቲክስ ዝተማህሩ ምዃኖም ብምሕባር ከኣ፡ ካብ ጠቕላላ ተመረቕቲ ናይ ሎሚ ዓመት፡ እተን 142 (55%) ደቀንስትዮ ምዃነን ገለጸ። እዚ ዓብላልነት ተመረቕቲ ቀጽሪ ደቀንስትዮ፡ ንተኸታታሊ 3 ዓመታት ዝቐጸለ ምዃኑ'ውን ኣብሪሁ።

ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ብቑዓት ናይ ስነ-ፍልጠት ክኢላታት ምፍራይ፡ ምምንጫው ሓድሽ ስነ-ፍልጠታዊ ሓሳብ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ምዕባለ ሃገር ምርግጋጽ፡ ምርምር ምኽያድ፡ ምኽሪ ምሃብን ንሕብረተሰብ ምግልጋልን ወዘተ ዝበሉ ዕላማታት ሒዙ ከምእተበገሰ ዘመልከተ ፕሮፈሰር ገብራይ፡ ካብ'ቲ ኣብ ዓውዲ ስነ-ፍልጠት ብቑዓት ተማሃሮ ፈርዩም ከምዘለዉ ኣገንዚቡ። በዚበዓመት ዝሕፈስ

ዘሎ ዓወት፡ ሳላ ልዑል ጻዕሪን ተወፋይነትን መማህራን ናይ'ቲ ኮለጅ ምዃኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ዝተበገሱሉ ዕላማ ምሉእ ብምሉእ ሸይኖሙ ክወቕዕ ግን፡ ደረጃኡ ዝሓለወ ካሪክለም፡ ብቑዓት መምህራን፡ እኹልን ብቑዕን መሳለጥያ ትምህርቲ፡ ዲጂታላይዝ ትምህርቲ ከምዘድልየም ሓቢሩ። እቲ ኮለጅ፡ ኣብ'ዚ ምርኩስ ዝገበረ ካሪክለም ኣመሓይሹ እኹል ዲጂታል መጽሓፍቲ ኣብ መኽዘኑ ቀሪቡ ከም ዝርከብን ግዜያዊ ብድሆታቱ ንምፍታሕ ድማ፡ ምስ ኢንስቲቲዩት ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲን ምርምርን ብምትሕብባር፡ ጻዕርታት ይገብር ከምዘሎ ገለጸ።

ነቲ ጸምብል ንምምዕራግ ልዑል ገደ ዝበርከቱ ዘመስገነ ዲን ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ፕሮፈሰር ገብራይ፡ ተመረቕቲ ዓጢቖሞ ዘለዉ ፍልጠት፡ ብልጽግቲ ኤርትራ ኣብ ምህናጽ ክጥቀምሉ፡ ወለዲ ብወገኖም ደቆም ኣብ ዝተመደብሎም ትካላት ሓላፍነታውያን ክኾኑ ጻዕሮም ክቕጽሉ ኣተሓሳሰበ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ መሻርኽቲ ንዝበሎም ሃገራውያን ትካላትን ኣካላት መንግስቲን ብምምስጋን መግለጺኡ ዛዚሙ።

ናይ ክብሪ ዕዱም ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሰ ብወገኑ፡ ተመረቕቲ ናብ'ዚ ደረጃ ክበጽሑ ዝከኣሎም ዝገበሩ ወለዲ፡ ከይተሓለሉ ፍልጠቶም ብምክፋል ንዘኸተሉዎም መማህራን ኣውራ ድማ፡ መንእሰያት ተመረቕቲ፡ "እንቋዕ ኣሓጐሰኩም" ክብል መደረኡ ፈለመ።

ዓለምና፡ ንመዋእላት ብዘዘኻኽሩ ስርሓት ምርምርን ተመኩሮታትን፡ ሕብረተሰብት ብዘፍረዶም ሚእልያ ዘይብሎም ወሃለላት ሓበሬታ፡ መስተንክር ምህዞታት ቴክኖሎጂ፡ ፍልጠት...ወዘተ ተዕለቕሊቕ ምህላዋ ዝሓበረ ሚኒስተር ተስፋይ፡ ካብ'ዚ ሓቂ'ዚ ብምብጋስ፡ ዘለናዮ መዋእል ዘበን ሓበሬታ ተባሂሉ ክስመ ከምዝኽኣሎ ኣዘኻኺሩ።

መቒኣካ ንኽትንብር፡ ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ምዕጣቕ መሰረታዊ ምዃኑ ዝሓበረ ሚኒስተር ተስፋይ፡ ንሕብረተሰብ ዘርብሕ ኣድማዒ ሞያዊ ስራሕ ንምብርካትን ንምምዕባልን፡ መንእሰያት ዝተራቐቐ ፍልጠት ከጥርዩን ቴክኖሎጂ ክመልክሉን ኣብርቲዖም ክጽዕሩ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ። ብፍላይ፡ እዞም ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ዓጢቖም ዝምረቑ ዘለዉ መንእሰያት፡ ሕጂ'ውን ደረጃ ዓቕሞም ብዝለዓለ ንምዕባይ፡ ነቲ ብኽልሱ-ሓሳቦም ኣጥሪዮሞ ዘለዉ ፍልጠት፡ ኣብ'ቲ ዝተመደብሉ ቦታ ብዮሁበራዊ ስራሕ ከዕብዩዎ ተላብዩ። ተመረቕቲ፡ ብሳላ ዘካየድዎ ዘይሕለል ጻዕሪ፡ ቀዳማይ ደረጃ ላዕለዋይ ትምህርቶም ብዓወት ምዝዛሞም፡ ንሃገርን ህዝብን ዘሐጎስ ምዃኑ ብምምልካት ከኣ፡ ደጊሙ የሃናኦ ገለጸ።

ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን፡ ብዓቕሚ ደቂ-ሰብ ዝተጠርየ ፍልጠትን ብናህሪ ዝሰፍሕን ዝልወጥን ዘሎ ዓቕሚ ቴክኖሎጂን፡ ብዙሕ እዩ። እቲ ብሕጂ ዝፍለጥን ዝመጽእን ድማ ሕልፍን ደረት ኣልቦን ከምዝህልዎ ኣየካትዕን። ስለዚ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝቐሰሙ ፍልጠት፡ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ዝድለብ ተመኩሮን ፍልጠትን መሰረታዊ እዩ። ተመረቕቲ ዓውዲ ስነ-ፍልጠት ድማ፡ ዝሎን ዝመጽእን ወለዶ ኣብ ዘራኽብ ቀረና መንገዲ ምህላዎም ተገንዚቦም፡ ጻዕርታቶም ከሐይሉ፣ ከምኡ ድማ፡ ታሪኽ ዝሰርሑ ሓለፍቲ፡ ብብቕዓት ክምክቱ፡ ትጸቢት ህዝብን መንግስትን ምዃኑ ሚኒስተር ተስፋይ ኣገንዚቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሚኒስተር ተስፋይ፡ ኑቶም እናተሓላለዩ ስለ ዘለዉ ብድሆታትን ልኡላውነትን ኤርትራ ዝዘብጀዉ ጀጋኑ ሰማእታት ዝጦበአ መገሻን ዓበይቲ ንምምላእ፡ ሃገርና ካብ



ሚኪኤል ተስፋማርያም ምስ ወላዲቱ

ሰእኑትን ድሕረትን ሓራ ወጺኣ ብልጽግቲ፡ ምዕብልቲ፡ ብማሕበራዊ ፍትሕን ማዕርነትን ክትልለ ዘኽእላ ጉዕዞ ንምስጋር፡ ኣብ'ቲ ዝቕጽል ዘሎ መደብት ልምዓትን ህጽኑትን ሃገር፡ ግደ ተመረቕቲ ወሳኒ ምዃኑ ኣገንዚቡ። ድሕሪ ደጊም፡ ነቲ ኣብ'ዚ እዋን ዝውቱርን ልሙድን ቅኑዕን ዝመስል ግን ድማ ክመሓየሽን ክምዕበልን ዘለዎ ኣኾቢብ ስራሕን ልምድን፡ ብተመራማሪ ኣተሓሳስባ እናገምገሙ፡ ግዜን ምዕባለን ንዘፈጥሮም ኩነታትን ብድሆታትን ዝሰማምዑ ሓደሽቲ ጠቐምትን ኣጋባብት ስራሕ ንምትእትታው ክጽዕሩ ድማ

ወሲኹ ኣተሓሳሰበ። ብዘወሰኸ፡ ኣብ ስራሕ ህርኩታት፡ ትኩራትን ንቑሓትን፣ ንግቡዘና ሰሰን ዝጸየኑ ሓለይቲ ሃገሮምን ህዝቦምን፣ ብባህሎምን ታሪኾምን ዝሕበኑ ትስፉዋት ክኾኑ ድማ ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ ሚኒስተር ተስፋይ፡ ንዝተመረቑሉ ዓውድታት ትምህርቲ ምስ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኣወሃሂዶም፡ ኣብ ዝተዋፈሩሉ ቦታ ስራሕ፡ ሸግራት ሕብረተ-ሰብ ኣብ ምፍታሕ ክሰርሑሉ መኺሩ።

ኩሉ ምዕባለ ዓለምና ኣብ ትምህርቲ ምርኩስ ዝገበረ ምዃኑ ዝጠቐሰ ወከልቲ ተመረቕቲ ሻም ኣማኑኤል፡ ትምህርቲ ኣብ ህላወ ደቂ-ሰብ ወሳኒ ግደ ስለዘለዎ፡ ፍልጠት ንኽቕሰሙ ዕድል ንዝፈጠረሎም ህዝብን መንግስትን ኣመስጊኑ። ኣብ ኤርትራ፡ ዕድላት ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ደረጃ ብናጻ ዝወሃብ ስለ ዝኾነ፡ መንእሰያት ዝ.ከም ዓቢ ዕድል ጠሚቶም ኣብ ረብሓኦም የውዕልዎን ሃገሮም ይሃንጹሉን ከምዝለዉ ኣመልኪቱ። መንእሰይ ሻም ኣስዒቡ፡ ንሳቶም'ውን ብግደኦም፡ በቲ ዝቐሰምዎ ስነ-ፍልጠት፡ ነቲ ብናጻ ዘምሃሮምን ዘመረቖምን ህዝብን መንግስትን ጸጋኦም ክኸፍሉ ድሉዋት ምህላዎም ብምሕባር፡ ክሳብ ሕጂ ዝተገበረሎም ኩሉ መደያዊ ደገፍ ብስም ተመረቕቲ ምስጋንኡ ገለጸ።

ድሕሪ ምዝዛም እቲ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ኑቶም ብልዑል ማዕርግ ትምህርቶም ዝዛዘሙ ተመረቕትን ወለዶምን ኣዘራሪብና ነይርና። ፈለማ ዝተወከስናዮም ብዓውዲ ስነ-ህይወት ብ3.51 ነጥቢ (Very great Distinction) ዝተመረቕት ሪም ሃይለን ብዓውዲ ስነ-ቀመም ብ3.31 ነጥቢ (Distinction) ዝተመረቐ ሚኪኤል ተስፋማርያምን እዮም። ንሳቶም ምስጢር ዓወቶም ብኸምዚ ዝስዕብ ኣካፊሎምና። ካብ መግለጺኦም፡ ናይ ትምህርቲ ድሕረ-ባይታኦም ተመሳሳሊ እዩ። ክልቲኦም ኣብ ትምህርቲ ንፉዓትን ክሳብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ዝዛዘሙ ብልጫ እናዓተሩ ዝተጓዕዙን እዮም። ምስኡ'ውን ሳላ ቅድሚኦም ዝተመረቑ ኣርኣያ ዝኾኑዎም ዓበይቲ ኣሕዋቶም፡ ነዚ ደረጃ ክበጽሑ ከምዝሓገዞም ይሕብሩ።

እዚ ኩሉ መንጠሪ ባይታ ስለ ዝኾኖም፡ ንብሉጻት ተማሃሮ ዝውሃብ ሽልማት መዳልያ ዓቲሮም ናብ'ዚ ደረጃ ክበጽሑን ካብ ብዑቶም ጹብለል ክብሉን ከምዝኸኣሉ ገለጹም። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ደገፍ ወለዶምን ፈተውቶምን ከምዘይተፈልዮም ወሲኾም ኣረዲኦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኸሎም ተመረቕቲ ናይ'ታ ዕለት "የሃና፡ እንቋዕ ኣብቅዓኩም!" ድሕሪ ምባል፡ ብናጻ ዝምሃርዎም ወለዶም፡ ህዝብን መንግስትን ጸጋኦም ንምኽፋል፡



ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሰ

ኣብ ዝተመደብሉ ስራሕ ብምሉእ ሕልናን ዓቕምን ብተወፋይነት ክሰርሑ ምዃኖም ኣረዲኦም። ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ኣደታት ክልቲኦም ተመረቕቲ ስሚዒታተን ከካፍላና ምስ ተወከስናየን፡ ደቀን ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ


ሪም ሃይለ ምስ ወላዲታ


ትምህርቶም ብዓወት ላዚሞም ክርኢያ ዝበረን ሃንቀውታ ብምስማሩ፡ ዝተሰምዐን ሓበንን ከርዓትን ዕልልታ ኣሰንየን እየን ገሊጸናልና። ሕጂ'ውን ንዝቐጽል ጉዕዞ ህይወት ስራሕ ዓቲቦም ብተወፋይነት ክሰርሑ፡ ደገፍ ወለዲ ከምዘይፍለዮም ኣረጋጊጸን።

ኣብ 2004 ዝጀመረ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ካብ'ቲ ፈለማ ዘመረቐሉ 2008 ክሳብ 2024፡ ብዝተፈላለየ ዓውዲ ዘምሃሮም 3290 ብማዕርግ ዲግሪ፡ 779 ብዲፕሎማ፡ ከምኡ ድማ 84 ብካልኣይ ዲግሪ (ማስተርስ) - ብጠቕላላ 4153 ዜጋታት ኣመሪቑ ኣብ ስራሕ ከምዘጸንበረ ሰነዳቱ የመልክቱ።





# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## መን ይሓስቦ!

*13 ለካቲት 2024*

*9:00 ድ.ቐ.*

ምጽዋዕ

*“መን ፈልጠለይ ናይ ማዕሙቑ ልበይ*

*መን ይሰምዓለይ መጸዋዕታ ልበይ*

*ደቀቕቲ ሕቶታት ናይ ናብራና*

*ኣይንፈትሓምን ግን ንላብ ኔርና*

*መልሲ ምስኣን ንቡር ወሰደዮ*

*ሰማዒ ምስኣን’የ ምቕባል ሰኢነዮ...” ኣ.ኣ.*

ኳል 22 ዓመት ኰይነ ገና ከም ድላየይ ክኸውን ኣይከኣልኩን። ተማሂረ፣ ሳዋ በጺሐ መጺአ፣ ተመዲበ ኸኣ እሰርሕ ኣለኹ። ብዛዕባ ገዛና ዘለኒ ፍርሒ ግን ዘረባ የብሉን። ገና ከም ቈልዓ ጽቡቕን ሕማቕን ይንገር ኣለኹ። ኣብዚ ዕድመይ ጽቡቕን ሕማቕን ባዕለይ ክፍትኖ ኣይግበኣንን’ዩ? ሓንቲ ስድሪ’ውን ብዘይ ኣፍልጦኦም ክኸይድ ጸገም ኰይኑኒ። እንታይ ክብሉኒ እዮም ጥራይ እናበልኩ ብዙሕ ነገር እኸስር ኣለኹ። ሓንቲ ዘይዓጅባ፡ ናጽነት ዘለዋ፡ ጻዕራም፡ ብነብሳ እትሓድር፡ ኣብ ድላያ እትዘናጋዕ፡ ... ዝኾነት ስኒት መዓስ እርእያ ይኸውን? ኣብ መስትያት ቀሪበ ነብሰይ ክጥምታ እንከለኹ፡ እታ ዝፈትዋ ኣነ’ያ ትረኣየኒ። ከም ዑፍ ብዓልቲ መንገብገብ፡ ገጻ ብፍሽኽታን ሓጕስን ደሚቑ፡ ንሳ ጥራይ እትሰምዖ ምዚቃ ከም ንፋስ ክትስዕስዕ እርእያ። መን’ሞ ይፈልጠለይ!

ማሓዙተይ ገዛና ኣትየን ኣፈልጣን እየን። ኣመና’የ ዝፈትወን። እቲ ኣነ ዝብህጎ ንዕኣን ኣለወን። ሓንቲ መዓልቲ ግን ተሓጒስናሉ ኣይፈልጣን እየን። ናጽነትካ ሓላፍነት እንተ ዘይወሲኽካሉ ከጋግየካ ከም ዝኽእል እፈልጥ’የ። በቲ ሓንሳእ ዘሰንበደን ኣጋጣሚታት ንስነተን ክርስዕኦ ይደልያ። ኣነ ኸኣ ለይትን ቀትሪን፡ ሸምዓን ጥዋፍን ኣብሪሀ እናጸለኹ ምርካቡ ስኢነዮ። ኣብዛ ወርሒ ንባጽዕ ክንገይሽ ሓሲብና ኔርና። ብሰንከይ ክንደይ መዓልቲ ተበጊሰን ተሪፈን’የን።



 ገዛና ኣንኳይዶ ክሰዱኒ፡ ምሕታቶም’ኳ ገበን ኰይኑ ተሰሚዑኒ። እቲ ዘረባኸ ከመይ ኢሉ ካብ ኣፈይ ክወጽእ። ናብ ስራሕ ባባ ክልተ-ሰለስተ ግዜ ከይደን ስለ ዝፈልጣ፡ “ውራይ ኣለወን ክሕግዘን” ክብሎ ትብዓት ክገብር ወሲነ። ኢለዮ ድማ። ቅድም ግን ንማማ ሓቲተያ፣ ኣብያትኒ። ንባባ ክሓቶ ክኸይድ እንከለኹ ንሰሚራ ምሳይ ተማሊኣያ። እቲ ርእሰ-ምትእምማና ንብዙሓት’ዩ ዘፍርሖም። ባባ ክኣ ህድኣታ ከም ዝብርሆ ኣብ ሰላማታኡ ኣስተብሂለሉ እየ። “ስራሕክን ምስ ወዳእክን ዕንሹ ገዛኽን ዘይመልሰክን፡” ኢልና ሃዲኡ። ኣነ ኸኣ ሞራል ረኺበ፡ “ለይቲ ተሲእና ካብ ንምለስ ኣብኡ ክንሓድር ክሓይሽ እዩ፡ ” ኢለዮ። ኣፍቂዱለይ። ክኣምን ኣይከኣልኩን። ንማማ ደዊለ “ምስ ባባ ተራዳዲእና ኣለና፡” ኢለያ ንባጽዐይ።

ናይ ባጽዕ ትዕዝብተይ ሕጂ ክነግርኪ ኣይመጽኣለይን እየ። ዕራርቦ ኰይኑ ሰለስቴና ክንዛወር ወጺእና። ኣብ ገምገም ጥዋለት ናብ ባሕሪ ገጽና እናረኣና ኮፍ ኢልና ኔርና። ኣነ ብሜፍ ኮፍ ኢለ ነይረ። ብድሕሬና ጸኒሑ ዝሓልፍ ሰብ ብዙሕ ነይሩ። ዕራርቦ ኣብ ገምገም ባሕሪ ከነስተማቕሮ ጀሚርና። ቅድም ኣንፈት ባጽዕ ክንርዳእ ክብርትዓና ምኽኣሉ ኣስሒቑና። ግን ንካርታ ኤርትራ እናዘከርና ክንስእላ ንፍትን ኔርና። ብቕድሚና፡ ድሕሬናን ጸጋምናን ባሕሪ ምህላው ዝርግርግ’ዩ ኣቢሉና። ካባና ርሕቕ ኢሎም ካልኦት ጀምዓ ኮፍ ኢሎም ነይሮም። ጸኒሑ ሓደ ሰብ ብኣይ ወገን ቀሩብ ፍንትት ኢሉ ኮፍ ኢሉ። እመኒ ኣይትእመኒ ዕንሹ ሓወይ’ዩ ነይሩ። ከምዛ ዘይረኣየኒ ኣብ ጕድነይ ቀሩብ ፍንትት ኢሉ ናብ ባሕሪ ገጹ ተመሲጡ እዕዘብ ነይሩ። እንታይ ክሰመዓኒ ትጽበዩ ትህልዊ እንድዒ። ክሳደይ ጠውየ ደሪቐ እጥምቶ ነይረ። ደፊረ ኣይኰንኩን። ነብሰይ ክእዝዛ ዓቕሚ’የ ስኢነ። ብዘይካ ዓይነይ ካልእ ኣካለይ ናተይ ኰይኑ ኣይተሰምዓንን። ዋላ ሓንቲ ክሓስብ ኣይክእልን’የ። ብገለ ገዲፉኒ እንተ ኸይዱ ብእኣ ገይረ ክጠፍእ ጥራይ! ከመይ ኢለ ክምለስ።

*“... መን ይንገረልይ፡ መን’ዩ ዘእምነለይ*

*ንመን’የ ክብሎ፡ ኣነ ኣብ ልበይ ዘሎ...” ኣ.ኣ.*

ኅቦ ዓይኑ ገይሩ ክርእየኒ ጀሚሩ። ኣነ ከምኣ ኢለ ነይረ። መወዳእታ ዓለም እምበር ደቒቕ ዝጸንሕ ይመስለኒ ኣይነበረን። ብኾፉ እናኣንፎሓኸ ቀሪቡ። ኢዱ ሓፍ ከብል እንከሎ ክጸፍዓኒ ዝሰደዳ መሲሉኒ። ክከላኸል ምዕይ ኣይበልኩን። ኣብታ ደቒቕ ዝግባኣኒ መቕጻዕቲ ገይረ ወሲደዮ። ናብራይ እንዳኣሉ። ኢዱ ካባይ ሓሊፉ ናብ ማሓዙተይ በጺሓ።

“ዕንሹ ወዲ ባጽዕ ይበሃል፡” ኢሉወን።

“ሰሚራ ኳል ባጽዕ ይበሃል፡ ” ኢላቶ ሰሚራ ከይተገደሰት። ሓወይ ምኽኑ ትፈልጥ ኣላ። ዳህላክ ከኣ ከይተፈለጣ “ዳህላክ ኅሮቤት ባጽዕ ይበሃል፡” ምስ በለቶ ብሰሓቕ ክመውት ደልዩ። ዕንሹ ሓወይ ከምዚ ገይሩ ዓው ኢሉ ክስሕቕ ርእየዮ ኣይፈልጥን። ኣብ ገዛና ዓው ኢልካ ክትስሕቕ ኣይኰነን ዓው ኢልካ ክትዛረብ’ኳ ንጋዳ። ብውሽጠይ ህይወት ክዘርእ ተፈሊጡኒ። “እዚኣ ኸኣ ስኒት ሓብቲ ዕንሹ ትብሃል፡ ” ኢላ ሰሚራ ኣላልያትኒ።

*20 ሓምለ 2024*

*10:10 ቅ.ቐ.*

እሰንፍ ኣለኹ ዳየረይ!

እንታይ ኣምጽኡ! ብፍቓድካ ሰብ ኣቕሪብካ ዶ ንባዕልኻ ትሓቅቕ ኢኻ ዄለይ!? ገሪሙኒ ኣሎ። ወሪድኒ ኳል ግርማይ! ንሰብ ክብልሲ ኣነ ክሓምም!

ንስለ ሰብ ምሕላፍ ከመይ ኢሉ’ዩ ከም ስምዒት ኣብ ዓለም ተፈጢሩ ኣይርድኣንን። በጃ ምሕላፍ መመዛዘኒ ዘይብሉ መዐቀኒ ኣብ ዛንታ ዓድና ኣሎ። ናብኡ ከብል ደልየ ኣይኰንኩን። ግዳ ንብጻይካ፡ ኣብ ጕድንኻ ዘውዕል ሰብ፡ ሓለፋ ነብስኻ ኽትርእዮ ነውሪ ኼይኑ ክሳብ ዝስመዓኒ’ኮ ኼይኑ። ከምኡ ድዩ?

እቲ እናሻዕ ትሓመሉ ሰብ፡ ‘ንነብስኻ ባዕልኻ እንተ ዘይሓሲብካ ባዕኻ ትፈልጥ፡ ኣየገድሰነን፡’ ክብለኩምከ ደኣ! ኣንታ ሓወይ፡ እቲ ጕዳይ ብዛዕባ ነብሰይ ኣይኮነን፣ ጥዕና ብጻየይን ዕጥና ዝምድናናን እዩ። ተደጋጊሙ፣ ምርብራበይ’ዩ። ድሕሪኡ፡ ኣድጊ ንዝገበረካ ጠይቂ ግበሮ’ዩ። ሓንቲን ኪያንትን ብያ!

**ብሌን ግርማይ**

ገና ካብ ፍርሐይ ኣይወጻእኩን ነይረ። ስቕ ኢሉ ጠሚቱኒ። ዕርበተይ መጺኣ እናበልኩ፡ “ኣታ ክንደይ ትጭክን!” ዝብል ድምጺ ኳል ብድሕረይ ሰሚዐ። ኵልና ግልጽ ኢልና ርኢናያ። “ቤቱ ‘ካቻ’ ዴቪ ይበሃል፡” ኢላ ኢዳ ሰዲዳትልና። “ዕንሹ” መጸውዒ ናይ ገዛና’ዩ፣ ኣይትፈትዋን ክትከውን ትኽእል’ያ። ኣነ ግን ከይተፈለጠኒ ዘሊለ ተጠምጢመያ። እንታይ ኰይነ’የ ኣይርደኣንን። ምናልባት ከተዕቍበኒ’ያ ግዲ’ለ፣ ምናልባት መልኣኽ መሲላትኒ ትኸውን፣ ምናልባት ...። እቲ ኮፍ ኢልናሉ ዝነበርና ደንደስ ከመይ ኢለ ዘሊለዮ ኣይተፈለጠንን። ዕንሹ እናሰሓቐ መጺኡ ስዒምኒ። ውሽጠይ ሕቑንቍን ኢሉ። ንብዓተይ ተጋዲለ መሊሰዮ። ዳህላክ ኣይትኽእልን’ያ። ሰሓቕ ኣምሲላ ኣንፈሳቶ።

ሻሂ ክንሰቲ ተተሓሒዝና እናኸድና ካብ ሕቑፌ ቤቱ ከመይ ኢለ ክወጽእ!። ከምዛ ንዓመታት ዝናፈቕኩዋ ኰይና ተሰሚዓትኒ። መሓሪተይ ቀታሊተይ ንሳ ኰይና ተሰሚዓትኒ።

ብሓደ ተደሪርና ኣዕልል ኣምሲና። ኣነ ብዙሕ ኣየዕለልኩን። ቀልጢፈ ናብ ውነይ ክምለስ ኣይከኣልኩን። ዕንሹ ክንድ’ዚ ዝዛረብ፡ ዝዋዘ፡ ዝልብም፡ ዝስሕቕ፣ ከመይ ኢሉ ክመስለኒ ይኽእል። እዚ ኵሉ ዓመታት ኣበይ ኢና ደኣ ኣሕሊፍናዮ ኣንታ ዕንሹ ሓወይ! ቤቱ ንዓይ ክትሕሉ፡ ኣነ ንዕንሹ ተገሪመ ክርኢ፡ ማሓዙተይ ከኣ ብዕላል ዕንሹ ክሳብ ዝነብዓ ክስሕቃ ኣምሰና። ቤቱ ሳሕቲ ክርትም ኢላ ትስሕቕ፣ ኣብ ገሊኡ ኸኣ መንያቶ ግዲ ኰይና ፍሽኽ ኢላ ትሓልፎ።

ክንድቅስ ክንፈላለ እንከለና፡ ምስ ቤቱ ድሕሪት ተሪፍና ንእሽተይ ኣዕሊልና። “ስኒት፡ ንዳዊት ሓውኺ ልዕሌኺ ኣነ ከም ዝፈልጦ ርግጸኛ ኰይነ ኣለኹ። ካብ ባዕሉ ዘዕልለኪ ኣነ ከዕልለኪ ይሓይሽ። ደቀምሓረ ምስ ተመለስና ክንራኸብ ኢና። ጽባሕ ከኣ ብሓደ ኅርግሱም እንተ ኸድና እንታይ ኣለዎ?” ኢላትኒ። “ሻነይ!” ኢለያ።

ምስ ማሓዙተይ ኣዕሊለ ኣይወጽኣለይን። ንዓኺ ኣዕሊለኪ’ውን ገና ይእርምመኒ’ዩ ዘሎ። እንቋዕ ደኣ ብውዑዩ ኣዕለልኩኺ። ድሓን ሕደሪ!

**ስኒት - ደቀምሓረ**

## ዕረፈቲ’ምበር ስኢነ



*24 ሕዳር 2022*

*11:30 ቅ.ቐ.*

እንታይ ኰይና ኣላ ምርዳእ ኣብዩኒ። መዓልቲ መጽኣት ዘርባ! ጸርጸር! መኘኽኘኽ! ኣመል ገይራቶ። ካብ ንምርያ ካልኣይ ዓመትና’ዩ። ኣበይ ዝጸንሐ ባህሪ’ዩ ጠፊኡኒ። ኣረ እንታይ’ያ ኰይና። ኣንቲ ጠኒሳዶ ትኸውን። ይስተር! ምኽንያት ምትሓጕሰት’ምበር ክንድኡ ዘንጸርጽር እንታይ ኣለዋ። ኣብ ግዜ ጥንሲ ጸቕጢ ክህሉወን ይኽእል’ዩ ኢለ’የ ሓሲበ። ግን ኣይኰነን። ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ክንወልድ’ዩ መደብና። እወ ከምኡ’ዩ ነይሩ። እሞ እንታይ ተሪፉዎ ደኣ። ድሕሪ ዓመት ሰለስተ ዓመትና’ዩ። ኣብ ሳልሳይ ዓመትና ኸኣ በኹሪ ውላድና ክንሓቍፍ ሰምምዕና’ዩ።

ምሉእ ወርሒ ምስ ነብሰይ ክዛተን ክራገም’የ ቀንየ። ከይተፈለጠኒ ዝበደልኩዎ ከይህሉ ክዝክር መዓተይ ጸጊበ ቀንየ። ዝፍለጠኒ ዝገበርኩዎ የለን። ምእንቲ ርእሱ ብስራሕ ተታሒዘ ስለ ዝቐነኹ ምስ ዝኾነ ሰብ ኣይተራኸብኩን። ንሳ’ውን ከምኡ ምስ ገዛና ኰነ ገዛኦም ኣተራኸበትን። ምስ ኅሮባብትና ከኣ ጽቡቕ ከም ዘላ እርእያ ኣለኹ። ኣነ ክመጽእ እንከለኹ ድዩ ሕማማ ዘለዓል?

ከይፈተኹ ዘይደልዮ ሓሳባትን ጥርጣረን ይመላለሰኒ ኣሎ። እንታይ ረኺቡዋ ክብል’የ። ምናልባት መንያትኒዶ ትኸውን? ኣይፍለጥን’ዩ። እንታይ ደኣ’ሞ ክብል’የ። ከማና ተሓጒሱ ዝተመርዓወ የለን። ክልተና ብፍቓድና ብደገና ዝተራኸብና ፍቑራት ኢና። ዘይንፋለጥ ከይንኸውን ካብ ጣፍና ክሳብ እምባና ንፋለጥ ኢና። ክልተ ዓመት ጕዕዞ ሓዳርና’ውን ኵሉ ለማጽ ኣይነበረን። ግን ዘቋየቑ ኣጓኒፉና ኣይፈልጥን’ዩ። ኮፍ ኢልና ብምምርድዳእ ንፈትሖ ኔርና።

መነባብሮ ሓሲሚሙዋ ከይብል፡ ናብራና ካብ ትማሊ ሎሚ ኣጸቢቑ ይሓይሽ። ንሳ’ውን ባዕላ ትምስክሮ’ዩ። ኣፋ መሊኣ “ተመስገን!” ትብል እያ። በቃ! እዚ ዘንጸርጽራ ዘሎ ካልእ ሓድሽ’ዩ። ብምንታይ’የ’ሞ ልባ ቀሊዐ ክፈልጦ። እንተ ሓቲተ’ያ ከኣ መሊሳ ከይትጭድር ፈሪሐ’ያ። መዓት ደኣ ይበሃል! ኣንታ ኣምላኽ “ፍትሕ” ትብል ቃል ከይተሰመዓኒ!

**ጠዓመ ምሕረትኣብ**

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

## ቀመር ህይወት

18 ክፋል

**"ምኽንያት ናይ ዓለምና እቲ ዝበኣሰ ካልኣይ ገበን ስልከይና ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ቀዳማይ ግዱ ኣሰልካዩ ስብ ምዃን እዩ።" – ዥያን ባውድሪያርድ**

**"ስልከይና ፍርሒ ካብ ገዛእ ርእሰኻ እዩ።" – ማርያ ሰዩን**

"ዚ ደኣ ድሮ ኩሉ ፈሊጠዮ ኣለኹ እንድየ ... በቃ ሎሚስ ኣሰልኪዩኒ ኸየማን ..." ዝበሉ ሰባት የጋጥሙኹምዶ ይኾኑ?

ንኣስታት ሓደ ዓመት ዝኣክል ኣዊንትኻ ምሉእ ብምሉእ ዓቢርካ ከም ዝጸናሕካ ገይርካ እሰከ ሕሰብ። ካብኡ ሃንደበት ክትርኢ ክኢልካ። እቲ ባህታ ደረት ኣልቦ ከም ዝኸውነልካ ርዱእ እዩ። ነፍሲ ወከፍ 'ርእየት' (sight)፡ ነጠቢ ኣደህቦ ኣደናቕትን እዩ ዝኸውን።

ዝጠዘለ ሰብ ኣብ ሓደ ሓሳብ ክደርቕ እንከሎ፡ ብእኡ ማጠን ህይወት ኣሰልካዪት እያ እትኸውን። እቶም ቀጻሊ ክዮብዩ ባህጊ ዘለዎም፡ ክሳብ ዕለተ ሞቶም መንእሰያት ኩይናም እዮም ዝ ዓለምና ዝሰብሩዋ። ዕድመኻ፡ ሞያኻ ወይ ኩነታት መነባብሮኻ ብዘየገድስ – ብትምህርቲ ተፈሰሁ።

ንሓደ ነገር ቀጻሊ ንጥቀመሉ እንተ ሃሊና፡ ነቲ ናይ ብሉጽ ጸባቕኡ ከም እቲ ዝፀበኸ ኣይነቕልበሉን ኢና። ነቲ ነገር ዋላ ንሓንቲ መዓልቲ ምስ ስኣንናዮ ኢና፡ ናይ ብሉጽ ጸባቕኡን ኣገዳስነቱን በርሃው ኢሉ ዝረኣየና። ኣብ ከምዚ ኩነታት ምሕር ቅሱናት እንተ ዘይኰንና ተመሪጹ እዩ።

ንኸርናዕ ኣመለኻኽታኻ ከም እንኮ መንገዲ ገይርካ ኣይትወሰዶ። ንሓደ ሓሳብ ኣቐዲምካ ሽሕ ግዜ እኳ ሰሚዕካዮ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። የግዳስ ብድሕሪኡ ካልእ ሰብ ብዘተፈልየ ከርናዕ ከቕርቦ እንከሎ ትሰምዖ። ካብኡ ንስኻ "እዚ እምብዛ ዘገርም እዩ – ቀደሚ ሕጂ ነዚ ሓሳብ ብኸምዚ መንገዲ ከቶ ተረዲአዮ ኣይፈልጥን እየ!" ትብል።

ክንዲ ዝኾነ ንነፍሲ ወከፍ ኣምር ልክዕ ከም እዛ ንፈለማ ግዜ ሽው ትሰምዓ ዘለኻ ገይርካ ብጽሞና ተኸታተሎ። ብድሕሪኡ፡ ነቲ ኣምር ኣወሺጥካ ምስ ተረዲእካዮ፡ ኣመና ክትምስጠ ኢኻ።

ዝኸውን ይኹን ኣፍልጦ ይሃልኻ ብዘየገድስ፡ ብዛዕባ ፍቕሪ፡ ትርጉም ህይወት፡ ባህታ፡ ... ገና ክትፈልጦም ዘሎካ ማእለያ የብሎምን። በዚ ሕጂ ዘለኻዮ ደረጃ ከቶ ክትዓግብ ኣይግባእን። ዝያዳ ብዝተማሃርካዮ መጠን፡ ገና ዝያዳ ክትፈልጦ ዝግበኣካ ከም ዘተረፈካ ኢኻ እትግንዘብ። ንኹልና ሕጂ ዘሎና ብቕዓት፡ ቀንጠሮ ማእታዊት ጥራይ እዩ።

ንህይወት ኣደንቓ። ንኸበቢኻ ብዝዮዮእ ኣቕልበሉ። ንዝተኸደንካዮ ክዳን ከም ሓድሽ ገይርካ ጠምቶ። ንዝዓባ ልክዕ ከም እዛ ንፈለማ ግዜ ትኣትዋ ዘለኻ ገይርካ ኣስተማቕሮ። ንስራሕካ ልክዕ ከም እዛ ሎሚ ንፈለማ ግዜ እተቐጸርካሉ ገይርካ ተሓንገሰሉ። ንኹሉ ነገር ከም ሓድሽ ገይርካ ክትቕበሎ እንከለኻ ኢኻ ብዝዮዮእ እተቕልበሉ። ብእኡ ኣቢልካ ድማ፡ ኣብ እቲ ጉዳይ ወዕወዕ ስምዒት ከተሕድር ይሕግዘካ። ክንዲ ዝኾነ ዚ ልምዲ ካብ ሎሚ ኣትሒዝካ እንተ ጀመርካዮ የዋጽኣካ እዩ።

መብዛሕትኡ ሰብ ንዝገሬት ከም ወህብ ክወስዶም እዩ ዝሰልጦ። ንኣስታት ሓሙሽተ ደቓይቕ ግዜ ሂብካ ዝርዝር ናይ እቶም ኣይነቕቲ መዳያት ናይ ተፈጥሮ – ስርዓተ-ማሕደር (ecosystem)፡ ምብህዛል፡ ስሕበት መሬት፡ ስርዓተ ምስትንፋስ፡ ኣእምሮ ደቂ ሰብ ... እሰከ ሕሰብ። ነቶም ብቐለሉ ኣብ ህይወት ባህታ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ኣደንቖም። መዝሙር ኣዕዋፍ፡ ሰሓቕ ህጻናት፡ ብርሃን ጸሓይ፡ ... ገለ ካብ እቶም ከየድነቕናዮም ክንሓልፍ ዘይብልና እዮም።

ነቶም ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ ዘጋጥሙኻ ኣነቓቓሕቲ ዝኾኑ ጸባቐታት ብዝዮዮእ ኣቕልበሎም። ንቕድሚት ንኽትውንጨፍ ንኽሕግዙኻ ድማ ተጠቐመሎም።

ንምህሮ ካብ ድቃስካ ምስ ተበራበርካ፡ በቲ እትረኽቦ ህያብ ህይወት ካብ መዓሙቕ ልብኻ ኣመስግን። ዝሓሰብ ኣእምሮ ስለ ዘለና፡ ብምሉእ ዝሰርሕ ኣካላት ስለ ዘለና፡ እንኸደና ክዳን ስለ ዘለና፡ ... ተመስገን ክንብል ይግባእ። ብዝረኸብካዮን ብዘሎካን ተመስገን ትብል እንተ ደኣ ኼንካ፡ ኣመለኻኽታኻ ዝያዳ ብእወታዊ ሸነኹ እዩ ዝልወጥ።

እቲ ኻልእ መንገዲ ንኸርናዕ ኣመለኻኽታኻ እተሐድሰሉ፡ ነቶም እትሓልየሎም ሰባት ምድናቕ እዩ። ነቲ ኣብ ወለድኻ፡ መጻምድትኻ፡ ዓርክኻ፡ መሓዛትካ፡ ገዛእ ርእሰኻ ... ዘሎካ ኣቀራርባ ዳዮግይ ክትግምግሞ ፈትን። ሓድሽ ኣስተብህሎ ከተማዕብል ሃሰው በል። ነቲ ምልክትን ቀመምን ዳዮግይ ኣበራብሮ።

ኣብ ገዛእ ርእሰኻ ልዑል እምንቶ ይሃልኻ። "ኣይክእሎን እየ!" እትብል ሓረግ ናጠኻ ገጻ ክትመጽእ ከቶ ኣይተፍቅደላ። ነቲ ነገር ክትሰርሖ ቅሩብ ኩይኑ እንተ ደኣ ተረእዩካ፡ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። ዓይንኻ ከይሓሰኻ ድማ ዕመጦ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ "ኣነ ኣይክእሎን እየ።" እትብለሉ፡ ብእኡ ንበኡ ኢኻ ካብ ዕቤት እትቕጸ።

ብዛዕባ እቶም፡ "ልዕሊ ዓቕመይ እዮም።" እትብሎም ነገራት ብዝርዝር እሰከ ኣብ ወረቐት ጽሓፎም። ንኣብነት፡ "ንዓይ ምሉእ ብምሉእ እትዛበቕዕ ጓል ኣንስተይቲ መጻምድቲ ክረክብ ኣይክእልን እየ።" ዝብል ርድኢት ክህልወካ ይኽእል እዩ። "ንዓይ ዝኸውን ስራሕ ክረክብ ኣይክእልን እየ።" ዝብል ርእይቶ እውን ክህልወካ ይኽእል እኳ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ፡ ከም እዚኣም ዝኣመሰሉ ማእለያ ዘይብሎም ዝርዝራት ከወጽኡ ይኽእሉ እዮም።

ሕጂ ኸኣ ነቶም ዘወጻእካዮም ዝርዝራት እሰከ ኣደቂቕካ መርምሮም። ኣብ መንጎ "ኣነ ነዚ ኣይክእሎን እየ።" ከምኡ እውን "ኣነ ነዚ ክሰርሖ ስምዒት የብለይን።" ምባል ዘሎ ፍልልይ ክተለልዮ ፈትን።

ቲሰዓን ትሽዓተን ካብ እቶም፡ "ኣነ ነዚ ኣይክእሎን እየ።" ኢልካ ኣብ ዝርዝርካ ዘስፈርካዮም፡ ናይ ብሉጽ መመኽንዪታ ናይ እቶም፡ "ኣነ ነዚ ክሰርሖ ስምዒት የብለይን።" እትብሎም ኩይናም ክጸንሑኻ እዮም።

ካብ እቲ ጉዳይ ንድሕሪት ገጽካ እተዝልቕ ዘለኻ፡ ዓቢ ጸገም ስለ ዝሓትት ድዩ? ዋላስ ኣብ ምዕዋት እቲ ጉዳይ ርእሰ ተኣማንነት ስለ ዝሓጸረካ ዘሎ እዩ?

ንነፍሲ ወከፍ ኣብ እቲ ዝርዝርካ ዘሎ ጉዳይ ኣብ ግምት ኣእትዋ። ብድሕሪ እዚ፡ "ኣነ ነዚ ኣይክእሎን እየ።" ዝበልካዮ ናብ "ኣነ ነዚ ክኽእሎ እየ።" ክትቕይሮ ብዘተወፋይነት ስርሓሉ።

ንሕና ንዝገሬት ብዝጥፈኣ ክንስርሖም እንኽለና እያ ህይወት ዝያዳ እትምቅረልና። ብመንጽሩ ነገራት ብልኡም መንገዲ ኣብ ልዕሊና ሽይሽይ ክብሉልና ከለው እንኽለና፡ ሕይወት ምሕር እያ እተጽልኣና።

ብዮንቕሚ ገዛእ ርእሰኻ ከቶ ተሰፉ ክትቁርጽ የብልካን። ንጸገማትካ ከም ሕሱም ተቓለሶም። ንህግታትካን ኣመለኻኽታኻን ኣብ ባይታ ንምትግባር ከቶ ኣይትደቅስ።

ጸዓት እትረኽበሉ ዝበለጸ መንገዲ፡ ነቲ ድሮ ዝፈለጥካዮ ንኻልኦት ሰባት ክትምህረሉ እንከለኻ እዩ። ንኣብነት ኣብ ሰሩ ቅጽሪ ልዑል ብልጫ ኣሎካ እሰከ ንበል። ነቲ ብቕዓትካ ዝያዳ ከተስፍሖን ከተዕምቖን ልዑል ህንጡይነት እንተ ደኣ ሃሊዩካ፡ ንኻልኦት ሰባት ኣብ ምምሃር ክትሳጠፍ ኣጕዳሲ ኩይኑ ክትረኽቦ ኢኻ። ዝያዳ ብዝመሃርካሉ መጠን፡ ዝያዳ ንኻልኦት ሰባት ክትምስጦምን ንዕልኻ ብብቕዓትካ ክትምስጦን ኢኻ።

ኣብ እዚ ሓደ ነገር ከስምረሉ ንደሊ። ንሽኻ ንሓደ ነገር ክትምህር



ስራሕካ ንምጽፋፍን ንምዕምማምን ወርጸጽ ውጥን ሓንጽጽ። ብዛዕባ ሕሉፍ ጌጋታትካ ክትጭነቕ የብልካን። ንቕድሚት ጥራይ መርሽ!

ምስትርሓውነት (complacency) ቀጻሪ ሓደ ቀታሊ ህይወት ምዃኑ ክንግንዘቦ ይግባእ። እቶም ማስተርሓውቲ ሰባት ንሓደስቲ ሓሳባትን ዕብየትን ኩሉ ሻብ ኣእምሮኦም ምስ ዓጸዉ እዮም። የግዳስ እዚ ምንባር እዩ ክበሃል ዘከኣል ኣይኮነን። እዚ ምንባር ዘይኮነ 'ምህላው' ጥራይ እዩ ክበሃል ዘከኣል።

ኣንጻር ናይ ምስትርሓው፡ ተምሳጥ ንዕብየትን ምህርን እዩ። ሓደስቲ ሓሳባት ንኽትቕበል ወትሩ ንኣእምሮኻ ክፉት ግበሮ። ብድሕሪኡ ብወድዓውነት ነቶም ሓደስቲ ሓሳባት ገምግሞም።

ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ ሓደስቲ ሓሳባት ክትጥቀም ከይተሓለልካ ስራሕ። ንኣብነት ኣብ እቲ ንበሕትኻ እትቕመጠሉ ገዛ ንምጽራዩ ምሕር ደስልክዮካ ከም ዘሎ እሰከ ሕሰብ። ስራሕተኛ ጽሬት ከይትቖጽር ከኣ፡ ኣታዊታትካ ከም ዘየፍቅደልካ ድሮ ተገንዚብካዮ ኣለኻ። እሞኸ ደኣ እንታይ ኢኻ እትገብር?

እቲ እንኮ ክትገብሮ ዘሎካ፡ ኣእምሮኻ ኣመዓራሪኻ ሓደስቲ ሓሳባት ምምንጫው ጥራይ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ንገዛኻ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ምጽራይ ዝሕግዙኻ ናውቲ ጽሬት ብኸመይ ክትረኽቦም ትኽእል? ኣብዮናይ ሰዓት ገዛኻ እንተ ኣጽሪኻ፡ ልክዕ ከም ስፖርት ትሰርሕ ዘለኻ ጥዕና ይፈጥረልካ? ዝኣምን ካልኦት ሕቶታትን ብምሉእ እንተ መሊስካዮም፡ ገዛኻ ምጽራይ ምንጪ ጸዓት ዝፈጥረልካ እምበር፡ ንኣካልካን መንፈስካን ረሻሽ ዝብል ስራሕ ከም ዘይኮነ ቀልጢፉ ክስቁረካ እዩ። ኣብ ዝኸውን መዳይ ህይወትካ፡ ብደሀ ዝያዳ ከብልሓካ እምበር፡ ከቶ ኩዳኸምካ ዕድል ክትህቦ የብልካን።

ኣብ ሓደ እትፈልጦ ኣርእስቲ ዝያዳ ክትብለስ እንኽለኻ፡ ቀዳማይ ዘይጠፍኣካ ዕማም ንኽትምህር ዝያዳ ምድላው ከም ዘድልየካ እዩ። ኣብ ማእርሒ ምድላው፡ ንእግሪ መንገድኻ ገለ ሓደስቲ ኣምራትን ሚላታትን ከም እትፈልጥ ከም ርዱእ ውሰዶ። እቶም እትምህርዎም ዘለኻ ሰባት ዕሙቕ ዝበሉ ሕቶታት ክሓትቱኻ እንኽለው፡ መልሲኻ ንፍልጠትካ ዝያዳ ክተዕምቖ ከም ዘለካ እዩ ዝስቁረካን ዝያዳ ጸዓት ዝፈጥረልካን።

ንሽኻ ስለምንታይ ኢኻ ኣብ እዛ ዓለም ትነብር ዘለኻ? ብዙሓት ሰባት ንትርጉም ህይወት ክትፈልጦ ከቶ ዝከኣል ኣይኮነን በሃልቲ ኣለው። ኣብ ከምዚ ዓይነት ርድኢት ዓቢ ሓደጋ እዩ ዘሎ። እቲ ምንታይሲ፡ ንሓደ ነገር ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና ክንብል እንኽለና፡ ነቲ ነገር ካብ ምእላሽ ኢና እነድሓርሕር።

"ንሓቂ ክፈልጦ ኣይክእልን እየ።" ከቶ ክትብል የብልካን። ዋላ ሚልዮናት ሰባት ክፈልጥዎ ዝዘይከኣሉ ነገር፡ ክፍለጥ ኣይክእልን እዩ ማለት ኣይኮነን። ሚልዮናት ሰባት ንኽልስ ሓሳብ ተዛማዲነት ኣይፈለጥዎን ማለት፡ ኣልበርት ኣይንስታይን እውን ኣይፈልጦን እዩ ክስምዕ የብሉን።

መብዛሕትና ንዓመቕቲ ሕቶታት ካብ ምሕታት ዝልሓጥ እንበለሉ ምኽንያት፡ ልዑል ጻዕሪ ምርምርን መጽናዕትን ስለ ዝሓትት ክኸውን ይኽእል እዩ።

ንብደሀ ህይወት ብትብዮት ጥራይ ኢና ክንገጥሞ ዘለና። ዋላ ንትርጉም ህይወት ምሉእ ብምሉእ ኣይንፍለጦ፡ ኣብ ማስርሕ እቲ ምርምር ብዘይጥርጥር ማእለያ ዘይብሎም ንህይወትና ክጠቕሙና ዝኽእሉ ቀጥማገራት ከኻዕቢት ከም እንኽእል ክንስሕቶ ኣይግባእን።

በይንኻ ኮፍ ኢልካ ግዜ ሂብካ ክትሓስበሎም ዘሎካ ማእለያ ዘይብሎም ሕቶታት ኣለው። "ኣነ ስለምንታይ እየ ኣብ እዛ ዓለም ዘለኹ?" ዝብል ሕቶ እሰከ ንገዛእ ርእሰኻ ኣቕርበሉ። ዝ ሕቶ ኣብ ኣእምሮኻ ልዑል ቦታ እንተ ደኣ ሂብካዮ፡ ኣብ እዛ ዓለም ብህይወት ብምህላውካ ከቶ ከሰልክየካ ወይ ክጽልኣካ ኣይክእልን እዩ።

እናሓንሾእ ነቶም እምብዛ ኣገደስቲ ኣምራት ህይወት፡ "ዚኦም ደኣ ኣማእዚነ እንድየ ዝፈልጦም።" እናበልና ዕሽሽ ኢልና እንሓልፈሉ ኣጋጣሚ ሳሕቲ እዩ ክበሃል ዘከኣል ኣይኮነን።

ንኣብነት፡ "ኣምላኽ ንዓይ የፍቅረኒ እዩ።" ዘይብል ሰብ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል። "ኣምላኽ ንጸሎተይ ይሰምዖ እዩ። ኣምላኽይ ሓላዩየይ እዩ። ንሱ ብምሉእ ይሓልየለይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብምሉእ እውን እዩ ዝመርሓኒ።" ንብል ኢና።

እዚ ደኣ ርዱእ ነገር እንድዩ ትብሉ ትህልዉ ኢኹም። የግዳስ ዚ ክውንነት ኣብ ባይታ ንነብረሉ እንተ ዘይሃሊና፡ ናይ ብሉጽ ፈሊጥናዮ ኣለና ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። ብኣፍና ጥራይ ኢና ከም እኡ ንብል ዘለና ንምባል እዩ።

ንሓደ ነገር እፈልጦ እየ ክትብል እንከለኻ፡ ኣብ እቲ ነገር ዕምቈ ዝበለ ኣፍልጦ ክህልወካ የድሊ። ናብ ትምህርቲ ንሓያሎ ዓመታት እትመላለሰሉ ምኽንያት፡ ዕምቈ ዝበለ ፍልጠት እንተ ደኣ ዘይሃለዩ፡ ግዜኻ ጥራይ ኢኻ እተጠፍእ ዘለኻ።

ሊቓውንቲ ዓለምና፡ ንዝኸውን ነገር ብደቂቕ ክንሓተቱን ዝዮዮእ መልሲ ክንረኽብሉን እዮም ዘተባብዑና። ሓደ ሰብ ኣብ ርትዒ፡ ርድኢትን ገምጋምን ልዑል ምርምር ክዝበር ይግባእ፡ ክሳብ እታ ሓቂ በርሃው ኢላ እትርኣዮ።

ኣብ እዚ ዓንቀጽ ቀንዲ ክስመረሎም ዝግበኦም ነጥብታት እምብኣር፡ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ኣብ ምምሃር ምዝሕታል ማለት፡ ከም ሰብ ምዝሕታል እዩ።
- ብዛዕባ ናብራ ዝለካ ኣፍልጦ ዝያዳን ቀጻልን ኣስፋሕዮን ኣዕምቖን።
- ንናብራ ከም ወህብ ኣይትቖጽሮ።
- ብዛዕባ ገዛእ ርእሰኻ ከቶ ተስፋ ክትቁርጽ የብልካን። ቀጻሊ ፈትን እሞ፡ ኣብ መወዳእታ ብዓወት ማሰስ ኢልካ ክትወጽእ ኢኻ።
- "ሓድሽን እተማሓየሸን" ዝብል መወዓውዒ ክህምሎካ የብሉን።
- ንሽኻ እትፈልጦ ነገር ኣሎ። የግዳስ እንደገና ተማሃሮ። ብድሕሪ እዚ፡ ክሳብ ክንደይ ዝያዳ ክትድህስስ ከም ዘሎካ ክበርሃልካ እዩ።
- ብርቂ ሰባት ክኽውን ባህጊ እንተ ደኣ ሃልዩና፡ ካብ ምስትርሓውነት ሓራ ንኽንኸውን ክንሰርሕ ይግባእ።
- ህይወት መሳጢት ከም ዝኾነት ዘይትኣምን እንተ ደኣ ኼንካ፡ ዋላ ንሓንቲ መዓልቲ ኣብ ገዛኻ ተዓሸሊልካ ውዓል። ሽው እዩ እምበኣር እቲ ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ ፈንጠርጠር እትብሎ ክሳብ ክንደይ ኣብ ህይወትካ ኣገዳሲት ከም ዘለዎ እትግንዘብ።

**"ፈውሲ ስልከይና ህንጡይነት እዩ። ፈውሲ ህንጡይነት ግና የለን።" – ኣለን ፓር**

**"ክትሓርቕ፡ ክትጕሂን ክትቃዘንን ምኽንያት ክህልወካ ይኽእል እዩ። ክሰልከየካ ግዱ መመኽንዪታ ክህልወካ ኣይክእልን እዩ።" – ሺን ሞርተንሰን**

**ይቕጽል**

# ኣንኮሮ

ማርታ ክብሮም

## ምስጢር ነፋሪት MH370

ሎሚ ድሕሪ ምስዋር ነፋሪት MH370፣ ኣሰር እታ ነፋሪት ንምርካብ ዝኾነ ዝተገብረ ተበግሶታት ኣሎ ዶ? ኣብዚ ዓውዲ ኣተኩሮም መጽናዕቲ ዘካይዱ ሰባት፡ እታ ነፋሪት ዝጠፍኣትሉ ቦታ ከምዝረኸብዎ ይገልጹ ኣለው። ግን እዚ ክሳብ ክንደይ ሓቅነት ኣለዎ?

ኣብ 8 መጋቢት 2014፡ እዛ MH370 ዝተባህለት መጉዓዝያ ኣየር ማለዥያ ዝኾነት ነፋሪት፡ ካብ ኩዋላ ሉምፑር ሰዓት 12:41 ቅድሚ ቀትሪ 239 ሰባት ጸዒና ናብ ከተማ በይጂንግ ተበገሰት። ድሕሪ ምብጋሳ ሓደ ሰዓት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ግን እዛ ነፋሪት መእተዊኣ ዘይተፈልጠ ተሰወረት። ሎሚ ድሕሪ 10 ዓመታት'ውን እዚ ግድል ክፍታሕ ኣይተኻእለን ዘሎ።

እዛ ነፋሪት ድሕሪ ምስዋራ ንኣርባዕተ ዓመታት ሚልዮናት ዶላራት ዝላተተ ጽዑቕ ተፍትሽን ምድላይን ተኻየደሉ። ዝኾነ ኣሰር ግን ክርከብ ኣይተኻእለን። እዛ ነፋሪት ካብቲ መዕርፎ ነፈርቲ ምስ ተበገሰት 40 ደቓይቕ ኣብ ዘየጠዐሐ ግዜ'ያ ካብ ራዳር ተሰዊራ።



ኣብረርቲ ናይ'ታ ነፋሪት፡ ኑዖም ኣብ መሬት ዝበሩ ተቘጻጸርቲ ነፋሪቶም ቅድሚ ምስዋራ ከም ዝሓበርዎም፡ እታ ነፋሪት ናብ ካልእ ክልል ኣየር ማለት ናብ በይጂንግ ትኸይድ ከም ዘበረት እዩ። ኣብረርቲ ምስኦም ተቘጻጸርቲ 'ብሩኽ ለይቲ' ኢሎም ድሕሪ ምፍናዎም ናብ ካልእ ክልል ኣተው። ስለዚ ቬትናማውያን እታ ነፋሪት ካብ ክልል ኣየሮም ስለ ዘወጸት ሓላፍነቶም ኣውሪዶም ኣለዉ. ማለት እዩ።

እታ ነፋሪት ኣብ ዶብ ማለዥያን ቬትናምን ምስ በጽሐት ደሃይ ኣጥፍኣት። ካብዚ ድማ እዩ እቲ ምስጢር ዝጀምር። ኣብ ክልል ኣየር ማለዥያ ስለ ዝጠፍኣት፡ ኣባላት ሓይሊ ኣየርን ሓይሊ ምድርን ዜጋታት እዛ ሃገር፡ ኣብ ምድላይ ተዋፈሩ። እቲ ምድላይ ኣብ 17 መጋቢት 2014 ጀሚሩ፡ ክሳብ 17 ሓምለ 2018 ን1,046 መዓልታት ቀጸለ። ኣብ መሬትን ኣብ ትሕቲ ማይን ንሚልዮናት ትርብዒት ኪሎ ሜትር ዝሸፈነ ኮይኑ፡ ኣብ ታሪኽ ሓይሊ ኣየር እቲ ዝዓበየ ድልያ እዩ ነይሩ። እዚ ኹሉ ጻዕርታት ተኻዪዱ ኩብቕዕ ግን እታ ነፋሪት ብፍጹም ክትርከብ ኣይካኣለትን።

ገለ ካብኦም ምጥፋእ እዛ ነፋሪት ክኾኑ ዝኽእሉ ክልሰ ሓሳባት፡ ምብልሻው መካኒካዊ ክፋል፡ ምጭዋይ፡ ወይ ድማ ወዲ 53 ዓመት ኣብራሪ እታ ነፋሪት ካፒተን ዛሃሪ ኣሕመድ ሻህ ኑዖም ሰባት ለኪሙ ኑብሰ ቅትለት ገይሩ ክኸውን ይኽእል ዝበሉ እዮም። ማዕበን ዜና በቢሲ. ዝ. ኩነታት ኣመልኪታ ኣብ ዝሰርሖቶ ሰነዳዊ ፊልም፡ እቲ ኣብራሪ ጸቕጢ ኣእምሮ ስለ ዝነበሮ ፈተነ ነፍሰ ቅትለት ገይሩ ክኸውን ከም ዝኽእል ኢላ ገሊጻ ነይራ።

ኣብዚ ዓውዲ ምርምር ዘካይድ ዝነበረ ጎድፍረይ፡ መወዳእታ ኣንፈት ናይታ ነፋሪት የጽንዕ ነበረ። ከምዚ ድማ ይብል፡ "ሓንቲ ነፋሪት ካብቲ መቆጻጸሪ ክትወጽእ ምስ እትፍትን ነቲ ሲግናል ኣዝዩ ስለ ዝርብሾ፡ ንሰኻ ድማ ካብኡ ተበጊስካ ህላወት ናይታ ነፋሪት ከተረጋግጽ ትኽእል። ስለዚ ናብ ፍጻመ 8 መጋቢት 2014 ተመሊሰ ንኹሉ ኣብታ መዓልቲ ዝነበረ ናይ ሬድዮ ሲግናላት ኣኪበዮ። ብዙሕ እዩ ነይሩ። ካብኡ ድማ ናይ ነፋሪት MH370 ወሲደ። ዝ. ናይ ሬድዮ ርክብ ድሕሪ ምፍታሽ እታ ነፋሪት፡ ኣብ ኣውስትራልያ፡ ምዕራብ ወርዝ 1500 ኪሎ ሜትር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ቦታ ክትህሉ ትኽእል እያ። ብመሰረት WSPR ቴክኖሎጂ ተሓጊዘ ብዝረኸብክዎ ድማ፡ ኣብቲ ቦታ ኣብ ከባቢ 30 ኪሎ ሜትር ኣብ 29.128° ደቡብ፡ 99.934 ዲግሪ ምብራቕ፡ ኣብ ፔናንግ ዝበሃል ቦታ ኣብ ትሕቲ ማይ ጥሒላ ኣላ።"

እዚ ቦታ ኣጉዳሲ እዩ፡ ምኽንያቱ ፔናንግ መበቆል ዓዲ ናይ ብዙሓት ኣብረርቲ እዩ። ኣብዚ ቦታ መጽናዕቲ ተገይሩ እንተኾነ ኣብዚ ቦታ ምርምር ክግበር በቲ ሓለፍቲ ጌጋ ቦታ ተባሂሉ ስለ ዝተኣምነ እቲ ሓሳብ ተሓጊ።

እቲ ጸለም ሳጹን ናይታ ነፋሪት ስለ ዘይተረኽበ ክሳብ ሎሚ ግድል ነፋሪት MH370 ክፍታሕ ኣይተኻእለን ዘሎ።

## ጽምብላት ብጽሕና

ጃፓን– ኣብ ጃፓን ንዝበጽሑ መንእሰያት ዝግበር ጽምብል 'ሰጂንግ ኖ ሃይ' ወይ መዓልቲ ብጹሓት' ይበሃል። ጃፓናውያን ነዚ በዓል ብሓባር ዓመታዊ ኣብ 20 ጥሪ ይጽምብልዎ። ኣብዛ መዓልቲ ሙብዝሕትኦም ጃፓናውያን ደቂ ተባዕትዮ ባድላ ይኸደኑ። ውሑዳት ድማ ባህላዊ ክዳን ዓደም ይኸደኑ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ፋሪሶድ ዝበሃል ባህላዊ ክዳን ይኸደና። እዚ ክዳን ዋግኡ ኣዝዩ ክቡር ኮይኑ ካብ ወለዲ ናብ ደቆም ዝሓልፍ ድማ እዩ።

እዚ በዓል ኣብ ጃፓን ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ 710-794 ዓመት ምህረት ዝጀመረ እዩ። ኣብቲ ግዜ ድማ ሳዕለዋይ ደርቢ ጥራይ እዮም ዝጽምብልዎ ነይሮም። ድሕሪ ግዜ ድማ ናብ ኩሎም ደርብታት ሊሓመ። ዕላማ እዚ ጽምብል፡ ወለዲ ንደቆም ሓደሽ ሓላፍነት ንኽስከምዎምን ብልጫታትን ብድህታትን መንእሰይ ንደቆም ንኽተፍልምምን እዩ። ሎሚ ጃፓናውያን ብጅካ ኣብዚ ሳዕሊ ዝተጠቕሰ ነገራት፡ ነዛ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብምብጻሕ ይጽምብልዋ።

ኣብ ብራዚል ዝበሩ ኣባላት ቀቢላ ስተረ ማው ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ ዕድመ ብጽሕና ኣብ ዝበጽሕሉ ግዜ፡ ብሕብረተሰቦም ከም ብጹሓት ክወሰዱ እንተ ኾይኖም ከበድቲ በዳህን ፈተና ክሓልፉ ይግደዱ። መሪሕቲ ናይቶም ቀቢላ፡ ኑዖም ዕድመ ብጽሕና ዝበጽሑ መንእሰያት ኣብ ኑበሶም ብዙሓት መርዛማት ጻጻ ይጉብሩሎም። መርዚ እዚ ጻጻ ብ30 ዕጽፊ ካብ መርዚ ንህቢ ይብርትዕ። ብዘይካ'ዚ እዚ መርዚ መልመስቲ፡ ምንፍርፋርን ምህትፍታፍን ከስዕብ ይኽእል። ስለዚ ሓንቲ መንከስቲ ናይ'ዚ ጻጻ ንመዓልታት ዝቖጽል ሓደገኛ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል። ኣብዚ መዓልቲ ጽምብል፡ ሓደ መንእሰይ ን10 ደቓይቕ ከየብኸየ ነቲ ቃንዛ ክጻወር ኣለዎ። ነቲ መንከስቲ ክጻወሮ ዝኸኣለ ሰብ 'ሰብኣይ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ዘይክኣለ ሰብ ግን፡ ክሳብ ቃንዛ ናይ ምጽዋር ብቕዓት ዘጥሪ ዝ. ፈተና ክደጋገም ኣለዎ።

ህዝቢ ማሳይ ኣብ ኬንያን ታንዛንያን ዝነብሩ ቀቢላ እዮም። ዓበይቲ ናይቶም ቀቢላ፡ ንደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ድሕሪ ምፍልላይ፡ ነተን ደቂ ኣንስትዮ ካብተን ዓበይቲ ዓዲ ኑዖም ደቂ ተባዕትዮ ድማ ካብኦም ዓበይቲ ዓዲ፡ ኣብ ኑበሶም ጸባ ይደፍኡሎም። ካብ 9-15 ዓመት ዝዕድሚኦም ደቂ ተባዕትዮ ጉዕዞ ተቓለስቲ ምኳን ይጀምሩ። ኣብ ገጾም ቀይሕ ሓመድ፡ ኣብ ካልእ ክፋል ኣካሎም ድማ ጸዕዳ ሓመድ ይልከዩ። ክዳኖም ድማ ቀይሕ ኮይኑ፡ ጸለም ጫማ፡ ኣብ ክሳዶም ድማ ብሕብርታት ዝጌጸ ኣዕናቑ ይጉብሩ። እዚ ድማ ንኩናት ድሉዋት ከምዝለዉን ብጹሓት ከምዝኾኑን ዘመልክት እዩ። ጽምብል ኢሙራታረ ናይ ማሳይ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ብጹሓት ከምዝኾና ዝርኢ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ሰሓቢ ስልማታት ይጉብራን ብዝተፈላለየ መመላኽዒታት ተጠቂመን ኣካላተን የጸብቕን። እዚ ድማ ንመርዓ ድሉዋት ከም ዝኾና ዘመልክት እዩ። ብዓበይቲ ዓዲ ድማ ደርፊ፡ ሳዕዒትን ኣዴታት ምስ ኮና ኣብ ሕብረተሰብን ክንብርኦ ዘለወን ኣበርክቶን ይመሃራ።

ኣብ ደሴት ሰሜን ባፊን ዝነብሩ ህዝቢ ኢስኪሞ ናቶም ባህልን ጽምብልን የካይዱ። ኩሉ ዝነብርዎ ጽምብላት ምስ ተፈጥሮን ልምድታት ኣቦሓጎታቶምን ዝተሓሓዘ እዩ። ደቂ ተባዕትዮ 11-12 ዓመት ምስ ኾኑ፡ ምስ ኣቦታቶም ናብ በረካ ይኸዱ። ንደቆም ድማ ኣብቲ ብበረድ ዝተሸፈነ ኣከባቢ ከመይ ገይርም ከምዝነብሩን ነቲ ቡዳኒ ኩነታት ኣየር ብኸመይ ክምክትዎ ከም ዝኽእሉን ይምህርዎም። ኣብዚ ትምህርትን ፈተናን ደቂ ኣንስትዮ'ውን ማዕረ ኣሓተን ደቂ ተባዕትዮ እየን ዝሳተፋ።

ኣብ ቀቢላ ኢፓቸ ዝካየድ ዕድመ ብጽሕና ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘተኮረ ኮይኑ፡ 'ጽምብል ጸሓይ ብራቕ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ትሕቲ ጎቦታት መካሰኑ ደቂ ኣንስትዮ ኢፓቸ ብቐዓተን ሓይለንን ተጸዋርነተንን ዘርእያሉ ፈተና ይፍትና። እዚ ጽምብል ዓመታዊ ኣብ 4 ጥሪ ዝጀምር ኮይኑ ንኣርባዕተ መዓልታት ድማ ይቕጽል። ኣብዘን መዓልታት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቅድሚ እተን ዓበይቲ ዓዲ ከየቋረጻ ን12 ሰዓታት ይስዕስዓ። ኣዴታት፡ ደቀን ምእንታን እዚ ፈተና ክሓልፋ ንሓደ ዓመት የዳልዋአን። ኣብዚ ግዜ ልምምድ ድማ እተን ደቂ ኣንስትዮ ውሑድ መግቢን ውሑድ ናይ ዕረፍቲ ሰዓታትን ጥራይ እዩ ዝፍቀደለን። ዝ. ናይ ኣርባዕተ መዓልታት ፈተና ዝሓለፈት ጓል፡ ከም ብቕዕትን ምልእትን ጓል ትሕሰበን ክትምርያ ትኽእልን።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ጸባቑ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሪር |
| 14:30 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15:00 | ህርመት |
| 16:20 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም- ማስተዃር |

## ካብ ኣገረምቲ ልምድታት ህዝቢ ኣቦርጂን

- ዝጠዘሉ ካብ ህዝቢ ኣቦርጂን ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ሓንቲ መኣዲ ኣይቅረቡን እዮም።
- ኣብ ገለ ወቕቲታት መግቢ ኣብ ዘውሕደሉ ግዜ፡ ገለ ህዝቢ ግን ብዙሕ መግብታት ይቐርበሎምን ዓይነት ዝምግብዎ መግቢ ይሕተቱን።
- ልቢ፡ ጸላም ከብድን ካልእ ዓበይቲ ክፋላትን ናይ ሓደ እንስሳ፡ ኣብ ግዜ ምምጋብ ንዓበይትን ንመራሕትን ጥራይ እዩ ዝወሃብ።
- ገለ እንስሳታትን ኣትክልትን መንፈሳዊ ኣገዳስነት ኣለዎም። እዞም እንስሳታትን ኣትክልትን ፍሉይ ክንክን ይግበረሎምን ኣብ ዝኾኑ ጽምብላትን በዓላትን ንመግቢ ዘይቅረቡን እዮም።
- ገለ መግብታት ብደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ክስርሑ ከለው፡ ገሊኦም ድማ ብደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝስርሑ እዮም። ምቁር ድንሽ፡ ስር፡ ዓሳ፡ ካዕካዕን ፍሩታን ብደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝስርሑ ክኾኑ ከለው፡ ዝተረፉ ካልእ መግብታት ድማ ብደቂ ተባዕትዮ እዮም ዝዳለው። ከምኡ'ውን ገለ ኣባላት እዚ ቀቢላ ብደቂ ተባዕትዮ ዝተዳለወ መግቢ ብደቂ ኣንስትዮ ኣይብላዕን እዩ። ብኣንጻሩ'ውን ከምኡ።
- ኣብ ግዜ ሓዘን ወይ ገለ ጽምብላት፡ እቲ መደብ ክሳብ ዝውዳእ እቲ ኣብ ገዛኡ ሓዘን ኣጋጢምዎ ዘሎ ሰብ መግቢ ባዕሉ ክሕዝ ስለ ዘይፍቀዶ፡ ወሰናት ሰባት ጥራይ እዮም ነቲ መግቢ ሒዞም ንዕኡ ምግቢ ዘገልግልሉ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## STATE OF ERITREA
## MINISTRY OF AGRICULTURE

### Letter of Invitation for Bids

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Integrated Agricultural Development Project (IADP) and intends to apply part of the financing for the purchase of these goods. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP).

2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.

3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 31January, 2024, the United Nations Development Business (UNDB) web site on 31January, 2024 and a national newspaper Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 2 March, 2024.

4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities ("bidders") for the provision of Supply, installation and commissioning of Automatic weather stations, Procurement and establishment of food technology laboratory and Procurement of laboratory and farm equipment and supplies by International Competitive Bidding and Procurement of plastic biogas digester and accessories by National Competitive Bidding (NCB). More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.

5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services. Potential bidders should first request for a registration form using email address below. Upon filling the form, Potential bidders should be return through a reply email and set of the bidding document will be provide immediately thereafter at no charge.

6. Bidding will be conducted using the International Competitive Bidding (ICB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD procurement handbook, which is provided on the IFAD website www.ifad.org/project-procurement. The ICB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.

7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet BDS, Section II of the bidding document.

8. Bids must be delivered to the address below and in the manner specified in the BDS ITB 25 no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea's time 10 September, 2024 for the ICB and 29 August, 2024 for NCB.

   Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)

   Lidia Russom (IADP Project Senior Procurement)
   Sawa Street, Asmara, Eritrea
   Lidyarusomlidu1221@gmail.com
   Tel Number: 00291181076/00291189266
   Fax Number: 1048

9. Bidders should be aware that late bids will not be accepted under any circumstances and will be returned unopened to the bidder. All bids must be accompanied by a bid securing deceleration.

10. Please note that electronic bids shall not be accepted as defined in ITB BDS 25.

## STATE OF ERITREA
## MINISTRY OF AGRICULTURE
## INVITATION FOR BIDS (IFB)

1. The Government of Eritrea has received a Grant from the international Fund for Agricultural Development towards the cost of integrated Agriculture Development project (IADP) and it is intended that part of the proceeds of this Grant will be applied to eligible payments under the contract for the; - Procurement of Degradable and non-degradable plastic materials assorted in 3 lots and Procurement of Mini track with accessories assorted in 2 lots by international shopping (IS).
2. The Eligible bidders should have a renewed license for 2024 appropriate for these supplies.
3. Bid shall be valid for a period of 60 days after Bid opening and delivered to procurement and supplies Management unit office on or before 29/08/2024 local hours 09:30 AM and will be opened on the same date at 10:00 AM local hours.
4. A complete set of bidding documents may be collected by any interested Eligible bidders from the address below.

Ministry of Agriculture, Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (IADP Project Senior Procurement)
Sawa Street, Asmara, Eritrea
Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Tel Number: 00291181076/00291189266
Fax Number: 1048

The Ministry of agriculture reserves the right to accept or reject this bid fully or in part if it finds any option better than this IFB without needing to justify the grounds for it doing so and compensation which the bidder may incurred in preparing its bid.

ብስም ተስፋይ ሃብታይ መሓሪ ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00011227 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ዳህላክ ቁ.ገዛ 132 ዝርከብ ናይ ቤት ማስተ ትካላይ ንወ/ሮ ሄዋን ሰለሙን ጉብረጻድቕ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ዝባ ቲራቮሎ ጎደና ኩዳበርገና ቁ.ገዛ 70 ካብ ዕለት 1/6/24 ክሳብ ዕለት 31/5/26 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ተስፋዝጊ ኣብርሃ ሓጎስ

ብስም ደርጋኣለም ጉብረማስቀል ሃይለ ኣብ ዞባ ማእከል ቤት መኻእ ዞን 2 ፕሎት 11 ፓርሰል Gን መለለዩ ፓርሰል ASP00025478-G ፓርሰል ፕሎት AST 00006961-11 መወከሲ ቁጽሪ 000445 ምስክር ምርሒት ጤሳ መሬት ተመሪሐ ዝተወሃበኒ ናይዚ ገዛ ኦርጂናል ምርሒት ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፥ ዝረከበ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተሎ ብቑጽሪ ስልኪ 07163861 ክሕብረኒ። እንተዘይቀሪቡ ግን መተካእታ ንክዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ደርጋኣለም ጉብረማስቀል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሊድያ ሰለሙን ሃይሉ ተኸሰስቲ 1.ጴጥሮስ ሰለሙን ሃይለ 2.ቢንያም ሰለሙን ሃይለ 3.ዮርዳኖስ ሰለሙን ሃይለ 4.ሄለን ሰለሙን ሃይለ 5.ሶርያ ሰለሙን ሃይለ 6.ሳባ ሰለሙን ሃይለ 7.ኣዜመራ ሰለሙን ሃይለ 8.ራሄል ሰለሙን ሃይለ ንምቅሊት ውርሻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ኣማኑኤል በላይ ቀለተ፡ ወ/ሮ ፍቓዱ መሓሪ ዃንጉል ኣብ ኣስመራ ዞባ/03 ምም/04 ጎደና ተጋደልቲ ቁሉታ 84 ፓርሰል /AB ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት መንበሪ ገዛኦን ኣመልኪተን ዝገደፋልየ ለዋ ናብ ስመይ ክተሓላለፈ ይጽድቐለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ሊድያ ኣማን ኣስመሮም፡ ተኸሳሲ ርቢል ጸጋይ ተወልደመድህን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን15/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኢያብ ሓጎስ ሃብተማርያም፡ ስም ኣደይ ኣብርሃጼን ገብረትንሳኤ ኣፍለ ምባል ተሪፉ፡ ለተኪዳን በራኺ ኣፍለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሳሮን ኤርሚያስ ገብረእግዚኣብሄር፡ ስም ኣደይ ዛይድ ገብራይ ዓርኩ ምባል ተሪፉ፡ ኣልማዝ ቀንኣ ሃገሬ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወረ/ፍ ወልደጋብር ተኽሉ ወ/ት ሶልያና ሓጎስ ወልደጋብር፡ ወኪል ወ/ሮ ትርሓስ ሓጎስ፡ ተኸሰስቲ 1.ወረ/ ስወእ ሓድጉ ወ/ጋብር፡ ፈንቅል ሓድጉ ወልደጋብር 2.ወረ/ፍ ሓጎስ ወልደጋብር ተኽሉ፡ ፊልሞን ሓጎስ ወልደጋብር ንምቅሊት ውርሻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ኣቶ ዓንደም ሃብተም ገብረዝጊ፡ ወኪል ዊንታ መረሰዕ ሃብተም፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ጀርሞ ኪዳ መድሃኔ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

የውሃንስ ብርሃ ገብረዝጊ፡ ወለደይ ገብረዝጊ ካሕሱን ኣብርሄት ኣወዓሎም ሓገብን ብዕለት 28/10/2008 ዝዘይንቀሳቐስ ንብረት ዘለኒ ወህብቶ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ቅዱስ ግርማይ ታደሰ ምባል ተሪፉ፡ ሚልክያስ ተስፋማርያም ክንፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣልጋሽ ፍስሓጼን ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደብርሃን በራኺ ዑቕባሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣማረሽ ዓዩ እሹቱ፡ ኣደይ ለተገርግሽ ዘሞ ዘርኡ ስለዝሞተት፡ ኣነ ወራሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸጋ ገብረሂወት ቀላቲ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለዝጊ ወልደሰላሴ ዘርኣ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 3 ደቀይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ትዝብቲ መድሃኔ ኣርኣያ፡ ሓወቦና ተኪኤ ብርሃ በየነ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን ኣሞይን ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ትዝብቲ መድሃኔ ኣርኣያ፡ ዓባይና ለታይ ወርቃሀ ስብሃቱ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን 1ሓወቦይ 1ኣሞይን ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ደብሳይ በራኺ ዑቕባጽዮን፡ ኣዴና ርሻን ፍስሓ እልፉ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይን ተተኻእየምን ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ገብርኤላ ተስፋገርግሽ ምኽንኡ፡ ብዓል ቤተይ ኣማኒኤል ዑቕባዝብርኤል ሃብተሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዘውዲ ፍስሃዬ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ ዑቕባሚካኤል በላይ ተኽለ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ት ሰምያ ሰዒድ ሮሞዳን፡ ኣደይ ፍረወይኒ ኣለም ፍስሓ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣዋብ ጀማል ዓብደላ ምባል ተሪፉ፡ ኣዋብ ሬድዋን ኣሚር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ናዝራት ወልደሰላሴ፡ ስም ኣደይ ኣብባ ፍረዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ለተብርሃን ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሚለን ስቡሓት ተወልደብርሃን ምባል ተሪፉ፡ ሚልዮን ስቡሓት ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ምልእተ በየነ ጉዕሳይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጠዓመ ገብረመድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ቀደሽ ገብረትንሳኤ ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ የማነ ተኽሉ ገብረማርያም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መድሃኔ ኣማኒኤል ገብረእየሱስ ምባል ተሪፉ፡ ያሬድ ኣማኒኤል ገብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ጊደይ ገብረሂወት፡ ተኸሳሲ ኣቶ በሪሁ ካሕሱ ብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኢዶም ተስፋኣለም ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ኢደን ተስፋኣለም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቀይሕ

ወ/ሮ ዘውዲ ጋይም ተኽሉ፡ ናይ መዋቲ ብዓል ቤተይ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ኣሕመድ ዃንጉ ዓብደላ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ኣሕመድ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ን23/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መርሃዊት ደብሳይ ስመረልዑል ምባል ተሪፉ፡ ኣርሀት ደብሳይ ስመረልዑል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ መድሃኔ ተስፋጼን ተኽለይ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ሰላም ሚካኤል፡ ናይ ሞዝቲትነት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ኣቶ ተስፋይ ወልደኣብ መንግስትኣብ፡ ኣደይ ሓጎሳ ገብረትንሳኤ ተምነዎ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዓሰብ

ኣቶ ሓምድ መሓመድ ሓሰን፡ ኣቦይ መሓመድ ሓሰን ኣቡባከር ስለዝሞተ፡ ንሕና 5 ደቁ ምስ ብዓልቲ ቤቱ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ትዕበ መብራህቱ ኣብይን ፍረወይኒ መብራህቱ ኣብይን ዝተበሃልና፡ ብስም ኣቦና ነፍ/መብራህቱ ኣብዩ ተስፋማርያም ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፡ ኣድራሻኡ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ኳላ ዞባ 4 ምም/ሰሞሞ ዝርከብ፡ ብስም ወላዲና ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 410211 መወከሲ ቁጽሪ 410643 ዝተመዝገበ፡ ናብ ስም ወራስቲ ክተሓላለፍ ስለዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ትዕበ መብራህቱ ኣብይን ፍረወይኒ መብራህቱ ኣብይን

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 09 ምም/12 ጎደና ደጃ. ተስፋማርያም ቁ.ገዛ 48 ዝርከብ፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 105409 መወከሲ ቁጽሪ 111374 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ፡ ነ/ሄሬት ምጽላል መኮንን መዘንግያ ካብ ኣቦኣ ነ/ሄር መኮንን መዘንግያ ብውርሲ ዝረኸበቶ ገዛ፡ ኣነ ኣመልካቲ ድማ ካብ ኣደይ ነ/ ሄሬት ምጽላል መኮንን መዘንግያ ብውርሲ ስለ ዝረኸብኩዎ'ሞ ብስም ነ/ሄር መኮንን መዘንግያ ዘሎ ናብ ስም ወራሲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

መልኣከ ገብረመስቀል ሓደገ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም.18 ጎደና ደጃ. ተስፋማርያም ቁ.ገዛ 43 ዝርከብ፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 112449 መወከሲ ቁጽሪ 111373 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ነ/ሄሬት ምጽላል መኮንን መዘንግያ፡ ካብ ኣቦኣ ነ/ሄር መኮንን መዘንግያ ብውርሲ ዝረኸበቶ ገዛ፡ ኣነ ኣመልካቲ ድማ ካብ ኣደይ ነ/ሄሬት ምጽላል መኮንን መዘንግያ ብውርሲ ስለ ዝረኸብኩዎ'ሞ ብስም ነ/ሄር መኮንን መዘንግያ ዘሎ ናብ ስም ወራሲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ መልኣከ ገብረመስቀል ሓደገ

---

ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን
ERITREISCH - DEUTSCHE VEREIN
ERITRO - GERMAN ASSOCIATION

ሓበሬታ ንኹሎም ጉዱሳት

ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን ትምህርቲ ቋንቋ ጃፓን ክጅምር ስለዝኾነ ኩላትኩም ግዱሳት ምዝገባ ጀሚርና ስለዘለና ኣብ ቤት ጽሕፈትና መጺእኩም ክትምዝገቡ ንሕብረኩም።

TEL: 122193

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

### 1. Position: Senior Construction Supervisor

**Department: Engineering Services & Owner Construction**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Project Engineer is responsible for ensuring all projects stay on schedule and on budget and meet deadlines.
- Project Engineer's skills and experience play an important role in deciding whether the work is performed competently and comes in at or under budget.

**Essential Functions**

- Assessing the suitability of a construction site and ensuring regulatory compliances.
- Monitor construction site safety as per Company SOPs, Standards, and procedures.
- Prepare cost estimates and bids using software to create 3D models of buildings, homes, workshops etc.
- Responsible for the quality aspects of the work within assigned areas and for ensuring employees complete their work in accordance with the project schedule.
- Review and monitor the availability of drawings, specifications, job instructions, material deliveries and tools applicable to his/her discipline and area of responsibility.
- Develop maintenance as well as project schedule and prepare detailed daily and weekly work plans in accordance with the overall planning schedule.
- Inform superior on specific areas where the program needs to be adjusted in accordance with site conditions and
- material availability and deliveries.
- Responsible for monitoring and implementing maintenance and project construction scheduling and supervision.

**Main Functions**

- Project Engineer is responsible for ensuring all projects stay on schedule and on budget and meet deadlines.
- Is responsible for ensuring that all documentation between the contractors, subcontractors and project administration is collected and processed.
- Project engineer is responsible for carrying out a variety of important tasks in his/her daily activities.
- A Project Engineer's skills and experience play an important role in deciding whether the work is performed competently and comes in at or under budget.
- Project engineers must ensure that submittals are obtained, reviewed, and approved, and that materials and equipment are released for fabrication in time for delivery as required at the job site.
- Organize and assign work to artisans such that safety, quality, schedule, and cost objectives are met.
- Demonstrates continuous effort to improve operations, improve work order span times, streamline work processes, and work cooperatively and proactively to provide quality.
- Communicate effectively both orally and in writing with subordinates.
- Set, assign, and measure daily production goals, provide technical expertise, instruct, mentor and motivate crew.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Reporting
- Execution

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Key sense of urgency in project delivery
- A good understanding of project life cycle management.
- flexibility, collaboration skills, technical capacity, handling pressure, excellent verbal, and written communication skills.
- Candidate must be physically & medically fit

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Bachelor of Science in Civil/ Structural Engineering<br>• Bachelor's degree in construction engineering | • At least 8 years' experience in supervisory role with a minimum of 6 years in mining project environment<br>• Knowledge and experience in design-based software such as AutoCAD, Spadaro, etc.<br>• Good understand of task management such as planning, budgeting, costing etc.<br>• STP & WTP system installation, operation and maintenance knowledge and experience |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Ability to read and interpret mechanical, civil, structural, plumbing and piping drawings.<br>• Able to supervise installation of structural and mechanical systems, piping, plumbing and assemblies.<br>• Ability to do maintenance planning and scheduling as well as supervision.<br>• Computer literacy in MS Office, MS Project, Primavera, AutoCAD, and other design related software's<br>• Strong organization and time management skill | ○ Assertiveness<br>○ Good communication skills with excellent ability to communicate in English.<br>○ Team player<br>○ Goal oriented |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## መርገምን ኩዕሶ እግርን

ኣሚር ዓሊ

ደቂ ሰብ፡ ኣብ ዝቖጥዕሉ እዋን ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ክራገሙ ምርኣዩ፡ ኣካል መዓልታዊ ንጥፈታት'ዩ። መርገም፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ'ውን ኢድ ኣታውት ከም ዝለዎ፡ ዝተፈላለዩ ወገናት ኣበራታት ኣሰንዮም የረድኡ። ንሎሚ ገለ ካብቶም ኣብዚ ዓውዲ ፍሉጣት ዝኾኑ ናብኹም ኑበሎም።

ንድሕሪት ዘይምለስ መርገም በላ ጉትማን

ሪያል ማድሪድ ኣብ 1950ታት፡ ኣብ መድረኻት ኤውሮጳዊ ውድድራት፡ ንሓሙሽተ ተኸታታሊ ዓመታት ድሕሪ ምዕብላ፡ እታ እኽኮ ንገዕዞ ማድሪድ መዝገአ ዝነበረትሉ፡ ፖርቱጋላዊት ቤንፊካ እያ ነይራ።

ኣብቲ ግዜ ኣሰልጣኒ ቤንፊካ ዝነበረ በላ ጉትማን፡ ኣከታቲሉ ንኤውሮፓ ዋንጫ ድሕሪ ምልዓሉ፡ ቤንፊካ መሃያ ክትወስኾ እዩ ተማሕጺኑዋ። ንዓወታት ናይዚ ኣሰልጣኒ ዝረኣዩ ብርክት ዝበሉ ሰድራ-ቤት ናይታ ጋንታ፡ ብዘይዝኾነ ጸገም ደሞዙ ክወሰኾ'ዮም ገሚቶም። እቲ ጉዳይ ግን ብኣንጻሩ'ዩ ኮይኑ። ሓለፍቲ ቤንፊካ ግን፡ ወሰኽ ደሞዝ ዘይከኣ ገይሮምሉ፡ ኣትዩዎ ዝነበረ ውዕል ሰሪዞም እዮም ካብታ ጋንታ ኣባሪሮሞ። ብውሳነ ጋንታኡ ዝጐሃየ በላ ጉታም፡ ቤንፊካ ካብቲ ግዜቲ ጀሚራ፡ ን100 ዓመታት ዋንጫ ኤውሮፓ ካፕ ከይትልዕል ተራጊሙ ምስታ ጋንታ ከም ዝተፈላለየ ይንገር።

ካብቲ ግዜ'ቲ ንደሓር፡ ቤንፊካ ኣብ ሸሞንተ ኣጋጣሚታት፡ ኣብ ኤውሮጳዊ ውድድራት ኣብ ፍጻመ በጺሓ፡ ክትዕወት ግን ኣይከኣለትን። ኣብ 1990 ቤንፊካን ኤሲ ሚላንን ናይ ፍጻመ ጸወታ ኤውሮፓ ካፕ ንምኪያድ ናብ ቬና ኣምሪሐን። ቬና፡ ጉትማን ዝተቐበረላ ከተማ ብምንባራ፡ ደገፍቲ ቤንፊካ ናብቲ መቓብር ከይዶም፡ ጉትማን ንጋንታኦም ቤንፊካ ይቕረ ክብለላን መርገሙ ክልዕሎምን ተማሕጺኖም። ኣይሰመረሎምን - ቤንፊካ ብኤሲ ሚላን 1-0 ተረቲዓ ናብ ሃገራ ተመሊሳ።

### ዝተቐብሩ ምዉታት ደማሙ




ኣርጀንቲናዊት ጋንታ ራሲንግ፡ ኣብ 1967 ሻምፕዮን ኢንተርኮንቲነንታል ካፕ ድሕሪ ምኳና፡ ዓወታ ዘይተዋሕጠሎም ደገፍቲ ቀንዲ መጻርርታ ዝነበረት ኢንዲፐንደንተ፡ ሓደ ተንኮል ኣለሙ። ግዜ መርጽም ተሓቢኦም ናብ ሜዳ ናይ'ታ መቐናቐንቶም ዝኾነት ክለብ ብምእታው ከኣ፡ ሸውዓተ ዝሞታ ደማሙ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ቀበሩ።

ካብቲ ግዜ'ቲ ደማ'ዩ ደርቂ ዋናጩ ራሲንግ ዘጋጠሙ። እታ ጋንታ ብዘመሓላለፈቶ ትእዛዝ፡ እቲ ስታድዮም ተኻዕተ። ኣብቲ ዝተገብረ ሰፈሕ ዳህሳስ፡ ሽዱሽተ ደማሙ ተረኺቡ። እታ ሻውዓይቲ ክትርከብ ብዘይምኽኣላ እቲ መርገም ቀጺሉ። ኣብ 2001 ከኣ፡ ምስ ዳግማይ ምትዕርራይ ናይቲ ስታድዮም፡ እታ ተሪፋ ዝነበረት ሻውዓይቲ ድሙ ተረኺባ። ኣብ ምዝዛም ናይቲ ዓመት ውድድር ድማ ራሲንግ፡ ድሕሪ 34 ዓመታት ንፈለማ ግዜ ሻምፕዮን ሃገራ ክትከውን በቒዓ።

### ቅድሚ ጸወታ ዋንጫ ኣይትተንክፍ




ንጸብዩቲ ዋንጫ ኤውሮጳ ሻምፕዮንስ ሊግን ኤውሮፓ ሊግን፡ ብውሑዱ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኦም ክትንክፉዋ ምድላይ፡ ናይ ነፍሲወከፍ ኣብ መድረኽ ኤውሮፓ ዝጻወት ተጻዋታይ ሕልሚ'ዩ። ብዙሓት ተጻወትቲ ነዚ ሕልሚ ክዉን ገይሮም'ዮም። ኣብይ ድኣሉ እቲ ጸገም?

ነታ ዋንጫ ዋንኣካ ምስ እትገብራ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ጸገም ዝፍጠር ቅድሚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ብኢድካ ምስ እትትንክፉ እዩ። ብርክት ዝበሉ ወገናት፡ ቅድሚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ንዋንጫ ብኢድካ ምትንካፉ፡ ሕማቅ ፋል ከም ዘስዕብ ይገልጹ። ኣብ 2004 ተጻዋታይ ሞናኮ ሉዶቪድ ጊዩሊ፡ ተጻዋታይ ኤሲ ሚላን ዝነበረ ጂናርዮ ጋቱሶ፡ ኣብ ግጥም ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ 2005 ኢስታንቡል ኣንጻር ሊቨርፑል፡ ኣብ 2012 ተጻዋታይ ባየር ሙኒክ ኣናቶሊይ ቲሞሹቹክ፡ ኣብ ግጥም ፍጻመ ኣንጻር ቸልሲ ተመሳሳሊ ተግባራት ብምንባርም ንጋንታታቶም፡ ሕማቅ ፋል ዘኸተሉ ተጻወትቲ እናተባህሉ፡ ወትሩ ዝምረሩ ተጻወቲ'ዮም።

ብጠንቋሊ ማይ ዝተነስነሰ ስታድዮም

ሳውዝሃምፕተን፡ ኣብ 2001 ናብ'ዚ ናይ ሕጂ ስታድዮማ ሴንት ማሪ ድሕሪ ምግዓዛ፡ ዓወታት ኣብ ሓጺር ግዜ ክመጽኣ ኣይከኣለን። መዕረፊኣ ኣብ ሴንት ማሪ፡ ካብ እትገብር ንድሓር ሓንቲ ጸወታ ንኽትዕወት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ወሲዱላ። እዛ ጋንታ ነዚ ዓወት ከተምጽእ ዘኽኣላ፡ ንሓደ ኣብ ማሪታዊ ተግባራት ልዑል እምነት ዝበሮ ጠንቋላይ፡ ነቲ ሜዳ ማይ ክነስንሶ ድሕሪ ምግባራ'ዩ። ሓንቲ ጸወታ ንኽትዕወት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ወሲዱላ ዝበረ ሳውዝሃምፕተን ድሕሪ ቀዳማይ ዓወታ፡ ካልኣይ ዓወት ክትጎናጸፍ ሓደ ሰሙን ጥራይ'ዩ ሓቲቱዋ።

በዚ ከኣ፡ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ካብ ዘይትልዕል፡ ክልተ ዕቑድ ሓሊፉዋ ዘሎ ኣርሰናል፡ ምኽንያት ነዛ ዋንጫ ዘይመዕተራኣ፡ ካብ ሃይበሪ ናብ ዘመናዊ ስታድዮም ኤምሬትስ ድሕሪ ምግዓዛ'ዩ ዝበሉ ወገናት ብቑጽሪ ብዙሓት'ዮም።

### መርገም ጂፕሳውያን ኣብ ልዕሊ በርሚንግሃም

ኣብ ታሕተዋይ ዲቪዝን እንግሊዝ እትጥፍ በርሚንግሃም፡ ካብ ተደኲናትሉ ዝነበረት ሙንቲዝ ዝተባህለ ከባቢ፡ ናብ ኣንድሬውስ ዝተባህለ ቦታ ክትግዕዝ ድሕሪ ምውሳና፡ ነቶም ኣብቲ ቦታ ዝሰፍሩ ዝነበሩ ብጂፕሲ ዝፍለጡ ካብ ኢስያ ዝመበቆሎም ዓሌት ጸራ ካብቲ ቦታ ከም ዝገዕዙ ገይራ።

ካብቲ ግዜ ኣብ ዝበሩ 100 ዓመታት ድማ በርሚንግሃም፡ ዝነበረት እንተነበረት ዋንጫ ምዕታር ከም ዘይከኣለት መዝገብቲ ታሪኽ የረድኡ። ኣብ ግጥማት ቡጥሲን ናይ 2006፡ ልክዕ ድሕሪ 100 ዓመታት ናይቲ መርገም፡ በርሚንግሃም፡ ኣብ ልዕሊ ከውፒኦር 2-01 ተዓዊታ፡ ናብ ጎደና ዓወት ተመሊሳ። ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመታት ድማ ንኣርሰናል ረቲዓ፡ ዋንጫ ካርሊንግ ካፕ ዓቲራ።

### መርገም ጂፕሳውያን ኣብ ልዕሊ ደርቢ

ጂፕሳውያን፡ ከምቲ ብበርሚንግሃም ዝወረዶም ግፍዒ ብተመሳሳሊ፡ ካብ ደርቢ ካውንቲ እውን ተመሳሳሊ ፍጻመ ኣጋጢምዎም እዩ። ሓዳሽ ስታድዮም ክትሰርሕ ካብ ሰፍራኦም ዝኣለየቶም ደርቢ፡ በቶም ኣህዛብ 'ዋንጫ ኤፍ ኤ ካፕ ከይትልዕል' ዝበል ሕማቅ ፋል ተገብረላ። ካብ 1896 ክሳብ 1903 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ደርቢ ኣብ ሽዱሽተ ፍርቂ ፍጻመ ዝርከበቶም፡ ሰለስተ ናይ ዋንጫ ጸወታታት ኤፍ ኤ ካፕ በጺሓ።

ይኹን እምበር፡ ዋንጫ ኣይዓተረትን። ደርቢ፡ ናብ ተወሳኺ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኤፍ ኤ ካፕ ክትበጽሕ፡ ክሳብ 1946 እያ ተጸቢያ። ቅድሚ ምጅማር ናይቲ ጸወታ፡ ወከልቲ ናይ'ዛ ጋንታ ናብቶም ጂፕሳውያን ብምምራሕ፡ እቲ ሕማቅ ፋል ከልዕሉሎም ተወኪሶሞም። እቲ ሕማቅ ፋል ንእሉ ተቐንጢጡ፡ ደርቢ 4-01 ተዓዊታ ዋንጫ ኤፍ ካፕ ዓቲራ።

እቲ ናይ ካሊ ወረኛ ሰብ

ደቡብ ኣመሪካዊት ጋንታ ኣመሪካ ዴ ካሊ፡ ኣብ 1948፡ ኣብ ሓደ ዓሚቕ ዘዙ ተጸሚዳ ነይራ። እቲ ዘዙ፡ እታ ጋንታ ናብ ፕሮፈሽናል ሊግ ክትሰጋገር ዝበል ቅዋም ንምጽዳቕ እዩ ነይሩ። ሓደ ቤንጃሚን ኡሬያ ዝስሙ፡ ካብ ኣባላት ቦርድ ናይታ ጋንታ ግና፡ በቲ ውሳነ ሕጉስ ከም ዘይኮነ ብምግላጽ፡ እዛ ጋንታ ናብቲ ዝተሓሰበ ደረጃ ክትዓቢ ግዜኣ ከም ዘይኣኸለ ሓቢሩ። ኩሎም ግን ተቓወሙዎ። ዝበርከቶም ግብሩ እምበር እዛ ጋንታ ሻምፕዮን ኣይክትከውን'ያ ኢሉ፡ ንኩላቶም ግምት ከይሃበ ገዲፎም ካብቲ ክፍሊ ወጺኡ።

ኣመሪካ ዴ ካሊ ድሕሪ 31 ዓመታት፡ ኣብ 1979 ናይ ፈለማ ናይ ፕሮፈሽናል ዓወታ ብመንገዲ ሊግ ናይ ዓዳ ወሲዳ። እዛ ጋንታ ዋላ'ኳ ኣብ ኣርባዕተ ኣጋጣሚታት፡ ኣብቲ ዝዐበየ መድረኽ ጋንታታት ደቡብ ኣመሪካ ዝኾነ ኮፓ ሊበርታዶረስ እንተበጽሐት፡ ዋንጫ ግና ኣይልዓለትን። ገለ ደገፍቲ ከኣ፡ እቲ መርገም ናይ ቤንጃሚን ኡሬያ ክሳብ ሕጂ ከም ዘሎ ይኣምኑ።

### መርገም ኣሮን ረምሰይ

ኣሮን ረምሰይ፡ ኣብ ኣርሰናል ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ ሹቶ ኣብ ዘመዝገበሉ እዋን ሓደ ካብ ህቡባት ሰባት ናይዛ ምድሪ፡ ህይወቱ ይሓልፍ ከም ዝነበረ ይንገረሉ።

ረምሰይ፡ ሹቶ ምስ ዘመዝገበ ድሕሪ




ቁሩብ ሰዓታት፡ ሓደ ፍሉጥ ሰብ ናይዛ ምድሪ፡ ነዛ ዓለም ብሞት ይሰናበታ። መራሒ ኣልቃዒዳ ኦሳማ ቢን ላደን፡ መራሒ ሊብያ ሙዓመር ቀዛፊ፡ መስራቲ ኩባንያ ኣፕል ስቲቭ ጆብስ፡ ንግስቲ መዚቃ ፖፕ ዊትኒ ሂዩስተን፡ ሳይንቲስ ስቴፋን ሃውኪንግ፡ ሰብ ዝና ተዋሳእቲ ሆሊውድ ሮቢን ዊልያምስ፡ ፖል ዎከር፡ ኣሌን ሪክማን፡ ሮጀር ሞር (ሚስተር ቦንድ) ዴቪድ ቦወን ዝኣመሰሉ ህቡባት ሰባት፡ ድሕሪ ቁሩብ ሰዓታት ምምዝጋብ ሹቶ ረምሰይ ምማቶም ይግለጽ።

ነዚ ኩሉ ምጥጥማት ዝተዓዘቡ ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ድማ፡ "መርገም ኣሮን ረምሰይ" ዝበል ስያመ ኣጥቢቖምሉ። ረምሰይ ሹቶ ኣብ ዘመዝገበሉ፡ ሕጂ'ኸ መን'ዩ ተረኛ እናበሉ፡ ናይ ሓደ ህቡብ ሰብ ሞት ይጽበዩ ምንባሮም ይዝከር'ዩ።

### መርገም ኣየርላንዳዊት ጋንታ ማዮ

ኣየርላንዳዊት ጋንታ ማዮ ኣብ 1951፡ ሻምፕዮን ሃገራ ክትከወን በቒዓት። ተጻወትቲ ናይዛ ጋንታ፡ ሓጎሶም ምቅጻጻር ክሳብ ዘሸእኑ ዓንደሩ። ሓጎሶም ካብ ሜዳ ወጺኡ ናብ ቀንዲ ጎደናታት ናይታ ከተማ ቀጸለ። ኣብ ፎክስ ፎርድ ዝተባህለ ከባቢ ምስ በጽሑ፡ ኣብታ ዕለት ሓደ ክቡር ሰብ ኣብታ ከተማ ስለዝሞረፈ ሓዘንተኛታት ሬሳ ተሰኪሞም ክሓልፉ፡ ፊት ንፊት ተራኸቡ።

ተጻወትቲ ማዮ፡ ብዓወቶም ክድነቡ፡ ሓዘንተኛታት ብኸቢድ ክሓዝኑ፡ ኣብ ሓደ ከባቢ ክልተ ጠባያ ስምዒታት ተኸሰቱ። ተጻወትቲ ማዮ፡ ነቲ ሓዘን ክብሪ ከይሃቡ፡ እናጨደሩ ንሓዘንተኛታትን ኣስከሬንን ግዲ ከይገበሩ ሓለፉ። ኣብቲ ግዜ ምስቶም ሓዘንተኛታት ዝነበሩ ቀሺ ከምዚ ክብሉ ነዛ ጋንታ ረገመዋ ይብሃል። "ጋንታ ማዮ ኣብ ምድሪ ኣየርላንድ፡ ሻምፕዮን ኣይክትከውን'ን'ያ። ብሓዘንና ተጫሪቖም ዝኸዱ ነፍሲ ወከፍ ኣባላት ናይዛ ጋንታ ሂወቶም ክሳብ ዘይሓለፈ፡ ማዮ ሻምፕዮን ኣይክትከውን'ን'ያ።" ኢሎም ተራጊሞ።

ካብ 1951 ክሳብ እዚ እዋን'ዚ፡ እዛ ጋንታ፡ ሻምፕዮን ኣይኮነትን። ትሸዓተ ግዜ ኣብ ፍጻመ እኳ እንተበጽሐት፡ ኣብ ኩሉ ተሳዒራ ዋንጫ ከተማዕዱ ተገዲዳ እያ።

ብመሰረት እቲ ኣብ ልዕሊ ማዮ ዝወረደ ሕማቅ ፋል፡ እዛ ጋንታ ደጊማ ሻምፕዮን ኣየርላንድ ክትከውን ትኽእል ኩሎም እቶም ናይ 1951 ኣባላታ ካብዛ ዓለም ብሞት ምስ ዝፍለዩ ጥራይ'ዩ። ኣብዚ እዋን መብዝሕትኦም ናይ'ቲ ግዜ ኣባላት ማዮ ዝነበሩ ተጻወትቲን ኣሰልጠንትን ብሂወት የለዉን። እቶም ብሂወት ተሪፎም ዘለዉ ክልተ ተጻወትቲ ጥራይ'ዮም። እዚ ማለት ማዮ፡ ደጊማ ሻምፕዮን ኣየርላንድ ንምኳን ሞት ናይዞም ክልተ ተጻወትታ ዝነበሩ ክትጽበ ክትግደድ'ያ ማለት'ዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቀይሕ ባሕሪ፡ ሻምፕዮን ምኳና . . .

### ደንደን፡ ናይ ዓሚ ክብራ ክትዕቅብ ኣይከኣለትን

ቀይሕ ባሕሪ ሰንበት 28 ሓምለ ንግዶ ተመናይ 1-ብ0 ስለዝሰዓረታ፣ ደንደን ከኣ ስለእተሳዕረት፡ ቀይሕ ባሕሪ ቀድሚ ሰለስተ ጸወታታት፡ ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል 2023-24 ምኳና ኣፍሊጣ።

ኣብ ዝሓለፉ ሰሙንታት ብተደጋጋሚ ነጥቢ ዘጥፈኣት ደንደን፡ ኣብቲ ዕለት ንኣዱሊስ እያ ገጢማታ። ኣዱሊስ፡ ኣብ ካልኣይቲ ደቒቕ ካብ ካልድ ዓብደላ ብዝረኸበቶ ሸቶ ከኣ ብኢጋኡ 1-ብ0 መሪሖም፡ ደንደን፡ ነዚ ቀልጢፋ ዝተመዝገበታ ሸቶ ክትመልስ ብዘይምኽኣላ፡ 1-ብ0 ተሳዒራ። ኣከፋፋሊ ኣዱሊስ ቤንሁር እስቲፋኖስ ናይዛ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

መራሒት ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ስዕረት ናይ'ታ ድሕሪኣ ዘላ ደንደን ተዓዚባ እያ ምስ ማይ ተመናይ ገጢማ፡ ነዛ ጸወታ ምስ እትዕወተላ ድማ ሻምፕዮን ምኳና ከተረጋግጽ ትኽእል ነይራ። እዛ ጋንታ፡ ዋላ'ኳ ቀድሚ ዕረፍቲ መራሕነት ክትሕዝ ኣይተኻእላ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ - ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ብመገዲ'ቲ ተቐዪሩ ዝኣተወ የናታን ኄረኣብ ሸቶ ብምርካብ 1-ብ0 ተዓዊታ ዘጠቓለላ ሰለስተ ነጥቢ ረኺባ። ተኸላኻሊ ቀይሕ ባሕሪ ናኣድ ሃብቶም፡ ናይዛ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።



ሻምፕዮን ንምኳን ዘወሓደ ጉዕዞ ተሪፉዋ ዘሎ ቀይሕ ባሕሪ

ዛጊት ኣፍሲ ወከፍ ጋንታ 15 ግጥሚት ኣካይዳትሉ ኣብ ዘላ ውድድር፡ ቀይሕ ባሕሪ ብ43 ነጥቢ ትመርሕ ኣላ። ናይ ዓሚ ዕውትቲ ደንደን ከኣ ብ34 ነጥቢ ትስዕብ። በዚ ከኣ ቀይሕ ባሕሪ ቀድሚ ሰለስተ ግጥሚት፡ ሻምፕዮን 2023-24 ምኳና ኣረጋጊጻ ኣላ። ኣብ ስፖርት ዘይትጸበታዊ ክስተት የጋጥም እኳ እንተኾነ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ሰለስተኡ ዝተረፈ ጸወታኣ ክትሰዓር፡ ደንደን ከኣ ንሰለስተ ጸወታታት ብምዕዋት ደረጃኣ ክትምንጥላ ዘሎ ተኽእሎ ግን ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ኣስመራ በራ ብ33፡ ኣልታሕረር ብ32 ነጥቢ ጌና ንኻልኣይ ደረጃ ክቃለሳ እንከለዋ፡ ንደንደን ዝሰዓረት ኣዱሊስ ብ17 ነጥቢ ሻድሻይ ደረጃ ሒዛ ትርከብ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሻምፕዮን ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል'ውን ብቑዓም ቀጺሉ ነይሩ።

ፊሎማ ሰምባልን በርኽን ዞባዊአ ጸወታ 0-ብ0 ክዛዘም እንከሎ፡ ኢንሹራንስን ገጀረትን ዞባዊአ ጸወታ ግና፡ ገፊሕ ወጽኢት እዩ ተመዝጊብዎ። ሻምፕዮን ንምኳን እትሰርሕ ዘላ ኢንሹራንስ፡ ኣብ ሻሙንይቲ ደቒቕ ካብ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት፡ ከምኡ'ውን ኣብ መበል 42 ደቒቕ ተጻዋቲት ገጀረት ናብ ልዳታ ብዘመዝገበቶ ሸቶ 2-ብ0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ።

ኢንሹራንስ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ብተኸታታሊ ሓንቲ ካብ ፍትሓዊት ማጀር ክልተ ሸቶታት ከኣ፡ ካብ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት ወሲኻ፡ ኒታ ኣብ መበል 65 ደቒቕ ካብ የርጋቤል ክፍሉም እንኮ ሸቶ ዝረኸበት ገጀረት ብገፊሕ 5-ብ1 ሰዒራታ። ሰለስተ ሸቶታት ብምቝጻር ሃትሪክ ዝሰርሐት ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት፡ ናይዛ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ግጥም ደንደንን ኩጠንያ ሰገንን እውን፡ ኣካል እታ ዕለት እዩ ነይሩ። ቀድሚ ዕረፍቲ ሸቶ ዘይተመዝገበላ እዛ ጸወታ፡ ብሰንኪ ዝናብ ትማሊ'ን ቀድሚ ትማሊ'ን ብምቕራጹ ሰሚ ረብዕ ሰዓት 10 ቀድሚ ቀትሪ ክትቀጽል እያ። ዛጊት፡ ኢንሹራንስ 27 ነጥቢ፡ ብጎደሎ - ብዘይ እዛ ናይ ሎሚ ጸወታ ደንደን 26 ነጥቢ፡ ኩጠንያ ሰገን ብተመሳሳሊ ጎደሎ ጸወታ 24 ነጥቢ ሒዘን ይስዕባ።

## ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024፡ መደባት ጸወታ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ

ኤርትራ፡ ኣብ ኦሎምፒክ 2024፡ ዝሓለፈ 27 ሓምለ ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ብመገዲ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ምስታፋ ይዝከር። እቲ ዝበዝሐ ውድድራት - ኣብ ምሕንባስ፡ ኣትሌቲክስን ቅድድም ብሽክሊታን ከኣ፡ ካብዘን ዝስዕባ መዓልታት ክሳዕ መዛዘሚ ዕለት ክተሰላሰሉ እዩ።

### ምሕንባስ

ሓንባሳይ ኣሮን ኦዉሱ ኣብ 50 ሜትሮ ናጻ ምሕንባስ፡ ሓሙስ 1 ነሓሰ (መጻረዪ ምስ ዝሓልፍ ድሕሪ ቀትሪ ናብ ፍርቂ ፍጻመ፡ ደጊሙ እንተሓሊፉ ከኣ፡ ንጽባሒቱ ናብ ፍጻመ)

ሓንባሲት ክሪስቲና ራች ኣብ 50 ሜትሮ ናጻ ምሕንባስ፡ ቀዳም 3 ነሓሰ (ተመሳሳሊ መስርሕ)

### ኣትሌቲክስ

ኣትሌታት ኣሮን ክፍለን ዳዊት ስዩምን፡ ኣብ 5000 ሜትሮ (መጻረዪ ረቡዕ 7 ነሓሰ፡ ናብ ፍጻመ ምስ ዝሓልፉ 10 ነሓሰ)

ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ፡ ኣብ 10 ኪሎሜትር ዓርቢ 2 ነሓሰ፣ ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት ደቂ ኣንስትዮ፡ ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል ዓርቢ 9 ነሓሰ።

ኣትሌታት ሳምሶም ኣማረ፡ ክብሮም ገብረእግዚኣብሄር፡ ሄኖክ ተስፉይን ብርሃ ተስፋይን፡ ኣብ ማራቶን (42 ኪሎሜትር) 10 ነሓሰ ክወዳደሩ እዮም። ሓንቲ ሃገር እንተበዚሓ ሰለስተ ኣትሌታት ስለዝፍቀዳ ከኣ፡ ኣብቲ ዕለት ዝነገር ሓደ ከም ተጠባባቒ እዩ ተታሒዙ ዘሎ።

ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ዶልሺ ተስፉ ድማ፡ ኣብ ማራቶን (42 ኪሎሜትር) ኣብ መዛዘሚ ዕለት 11 ነሓሰ ክትጻወት እያ።

### ቅድድም ብሽክለታ

ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ቀዳም 3 ነሓሰ፡ 273 ኪሎሜትር ኣብ ዝርሕቀቱ ናብ ጽርግያ ውድድር ክጠማጠም እዩ። ጽቡቕ ዕድል ንኣትሌታትና!

## ኣልቫረዝ፡ ድሕሪ ኦሎምፒክ መጻኢኡ ክውስን ምኳኑ ነጊሩ

ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ጁሊያን ኣልቫረዝ፡ ድሕሪ ኦሎምፒክ ፓሪስ 2024፡ ብዛዕባ መጻኢኡ ኣብዛ ጋንታ ክውሰን ምኳኑ ኣፍሊጡ።

ኣልቫረዝ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ መጋቢት ክሳብ ሰ 2028 ዘጽንሖ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ፈሪሙ ነይሩ። በዚ ክረምቲ ካብዛ ጋንታ ክፋኖ ምኳኑ ግና፡ ዝተፈላለያ ምንጪታት ይሓብራ።

ትማሊ ብዛዕባ መጻኢኡ ኣብ ሲቲ ምስ ተሓተተ፡ "ብዙሕ ይዝረብ ኣሎ" ዝበለ እዚ ወዲ 24 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ "ኣብዚ ውድድር እየ ኣተኩረ ዘለኹ፣ ምኽንያቱ፡ ሓጺር ውድድር እዩ። ኣብ ሲቲ ምህላወይ ጽቡቕ እዩ ዝስመዓኒ፣ ብዙሕ ደቃይቕ እየ ተጻዊተ። እንተኾነ፡ ድሕሪዚ ውድድር ክነርእዮ ኢና። ቀድሚኡ እንተኽኢለ ገለ ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ክወስድ እየ። ሽዑ ድማ ክንወስን ኢና።" ኢሉ።

ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ብማን ዩናይትድ ኣብ ዝተሳዕረላ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኤፍኤ ካፕ ተቐይሩ ዝኣተወ ኣልቫረዝ ስሙ ምስ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ተኣሳሲሩ ይለዓል እዩ። ንሱ፡ "ኣብ ዓበይቲ ግጥማት ክትተርፍ ምናልባት የቖጥዕ ይኸውን እዩ። ተጻወትቲ ኩሉ ግዜ ክሰለፉ እዮም ዝደልዩ። እንተኾነ፡ ዝሓለፈት ናይ ጸወታ ግዜይ ብልጽቲ እያ ነይራ፣ ኣዝየ ሕጉስ እየ።" ኢሉ።

ዓሰልጣኒ ናይ'ዛ ጋንታ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ዝሓለፉ መዓልታት ብዛዕባ ኣልቫረዝ ተዛሪቡ ነይሩ። ንሱ፡ "ኣብ ኣገደስቲ ግጥማት ክሰለፍ ከምዝደሊ እፈልጥ እየ። እንተኾነ ኩሎም ተጻወትቲ'ውን ይደልዩ እዮም። 18 ወይ 19 ዝኾኑ ተጻወትቲ፡ ኣብ ኣገደስቲ ግጥማት ክሰለፉ ዝደልዩ ኣለዉና። ኣልቫረዝ ብዛዕባ መጻኢኡ ከምዝሓስብ ይርደኣኒ እዩ። ድሕሪኡ እንታይ ከምዝደሊ ክዛረብና እዩ።" ክብል ተረዳኢእዎ ምህላዉ ኣዘራሪ።




ምስ ሃገሩ ኣርጀንቲና ዋንጫ ዓለም 2022 ዝዓተረ ኣልቫረዝ ኣብ ሲቲ ብሃላንድ ተዓብሊሉ ውሑስ ናይ ምስላፍ ዕድል ይወሃቦ ከምዘይፀለ ይግለጽ። በዚ ከኣ ብቐጻሊ ክሰለፈሉ ናብ ዝደሊ ክለብ ክሰጋገር ከምዝዘበሃግ ይእመት።

## ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ተዛዚሙ

### ጋሽ ባርካ ብደቂ ኣንስትዮ፡ ማእከል ብደቂ ተባዕትዮ ዋንጫ ዓቲረን

"ግራስ ሩት ኩዕሶ መርበብ መሰረት ምዕባለ ሃገርና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ክካየድ ዝቖየ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ትሕቲ 16 ዓመት፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ኣስመራ ሜዳ ቦቐፊልያ ተዛዚሙ።

ኣብቲ ኣርባዕተ ጸወታታት ዝተኻየደሉ ዕለት፡ ፈለማ ንዞባ ማእከል ዝወከላ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ባሕቲ መስከረምን ደምባ ሰምባልን ተራኺበን። ሳልሰይቲ ምኳና ኣረጋጊጻ ዝኣተወት ባሕቲ መስከረም ከኣ 2-ብ1 ተዓዊታ። ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ደቡብን ዓንሰባን ኣብ ዞባዊአ ጸወታ ከኣ ዓንሰባ 2-ብ1 ሰዒራ።

ናይ ፍጻመ ጸወታ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ጋሽ ባርካን ደቡብን ሰዒቡ ተኻዪዱ። ደቡብ፡ ዋላ'ኳ ካብ ጋሽ ባርካ ሓያለ መጥቃዕቲታት እንተገጠማ፡ 2-ብ1 ካብ ምዕዋት ግና ኣይተዓንቀጸትን። ይኹን እምበር፡ ብመሰረት ዝተኣከበ ነጥቢ ጋሽ ባርካ ብሓንቲ ነጥቢ ጸብሊል ኢላ ዋንጫ ኣልዒላ።

ብተመሳሳሊ ክልቲአን ኣብ ኣርባዕቲኡ ጸወታአን ከይተሳዕራ ዝተጓዕዛ ንዞባ ማእከል ዝወከላ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ደምባ ሰምባልን ባሕቲ መስከረምን ኣብ መዛዘሚ ተራኺበን። ባሕቲ መስከረም ከኣ ኣብ ክልቲኡ ክፋል ጸወታ 2-ብ0 ብምዕዋት ዓባይ ዋንጫ ኣብ ኩቡላ ሰቒላ።

በዚ ወጽኢት፡ ጋሽ ባርካ፡ ደቡብ፡ ማእከል (ባሕቲ መስከረም) ብደቂ ኣንስትዮ፣ ማእከል (ባሕቲ መስከረም)፡ ማእከል (ደምባ ሰምባል) ጋሽ ባርካ ከኣ ብደቂ ተባዕትዮ ቀዳሞት ሰለስተ ኮይነን ውድድረን ዛዚመን።

ኣብዚ ውድድር፡ ተጻወትቲ ብመሰረት ዘደምፀሉ ዓይነት ኣጻዋውታ፡ ብሉጻት ተጻወትቲ ኣብ ሸዱሽተ ደረጃ ተኸፋፊሎም ብውልቂ ተሸሊሞም። በዚ መሰረት፡ ኣብ ሰርቨስ (ልግዒት) ንያት ኣስመሮም - ደቡብ፡ ሮዛና ሚካኤል ዓንሰባ፣ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ እሰይ ተመስገን ዓንሰባ፡ ሳሙኤል ያቄም ማእከል (ባሕቲ መስከረም) ተረቐሒሖም። ኣብ ሪሰፕሽን ወይ ምክልኻል፡ ሰላም ተኽላይ ማእከል (ባሕቲ መስከረም) ከምኡ'ውን ሃዋ መሓመድ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣቤል ጸጋዝኣብ ማእከል (ባሕቲ መስከረም) ከኣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ተሸሊሞም።

ኣብ ምጥዕዓም (ሴት) ብደቂ ኣንስትዮ ሚልዮን ክብሮም - ጋሽ ባርካ፡ ኦፔል ጎይትኦም ማእከል (ደምባ ሰምባል)፡ ሻምላይ ተስፉይ ማእከል (ደምባ ሰምባል) ናኣድ ዳኒኤል ማእከል (ባሕቲ መስከረም) ኣኣብ ጹታኦም ተረቐሒሖም። ኣብ ናይ ምዕጋት፣ መሪሕ የናስ ማእከል (ባሕቲ መስከረም)፡ ሚካኤል መሓሪ - ጋሽ ባርካ ተሸሊሞም። ኣብ ህሪም (ስፓይከር) ኣብ ክልተኡ ጾታ ሰሰለስተ ተጻወትቲ ተረቐሒሖም፡ ብደቂ ኣንስትዮ ሐርያ ዓብዱ ጋሽ ባርካ፡ ቤቲኤል የናስ - ማእከል (ደምባ ሰምባል) ዲያና ክፍላይ - ጋሽ ባርካ፡ ያፊት ሳሙኤል - ዓንሰባ፡ ኢሳቕ መርእድ - ጋሽ ባርካ፡ የዲድያ ተስፉይ ማእከል (ደምባ ሰምባል) ተጻዊያም። ኣብ ኩሉ ዓይነት ሓፈሻዊ ጸወታ ብሉጻት ኮይናም ዝዘጻወቱ ከኣ፡ ብደቂ ኣንስትዮ ዲና ሸዊት - ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ የሃና ተኾመ - ደቡብ፡ ብደቂ ተባዕትዮ መሪሕ የናስ ከምኡ'ውን ሴም ሓደሽ - ደቡብ ኣፍሲ ወከፎም መዳልያ ተሸሊሞም።



## ቅንጥብጣብ

* ኣርሰናልን ፉልሃምን፡ ንውዕል ስሞዚሮዝ ኣብ መፈጸምታ ኩበጽሓ ተቓሪበን ኣለዋ። ኣርሰናል፡ ካብዚ እትሽጦ ዘላ ኣጥቃዓይ፡ 27 ሚልዮን ፓውንድ ክትረክብ እያ፣ ተወሳኺ ሽውዓተ ሚልዮን'ውን ድሕሪ ክትቅበል እያ። ስሞዚሮ ውን፡ ድሮ ሕክምናዊ መርመራ ኣካይዱ ኣሎ - ብመሰረት ጋዜጣ በበሲ።

* ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ዓሌታዊ ኣድልዎ ዘለዎ ደርፊ ድሕሪ ምዝርጋሑ፣ ምስ ደቂ ጋንታኡ ብፍላይ ምስቶም ዝፈረዩም ፈረንሳውያን ተባቲኹ ዝጸንሐ ኣርጀንቲናዊ ኢንዞ ፈርናንደዝ ትማሊ ናብታ ኣብ ኢታላንታ ዓስከራ እትስማመድ ዘላ ክሉብ ቸልሲ ድሕሪ ምጽምባሩ፡ ንደቂ ጋንታኡ ይቕረታ ሓቲቱ።

ኣብቲ ረስ ጃምሰን ዲዳስን ከም መንኛ ብምኳን ዚ ጉዳይ ዘረጋገኣሉ ኢጋጥሚ፡ ኢንዞ፡ ኣንጻር ዓሌታውነት ኣብ ዝዋገር ቃልሲ ልዑል ተራ ክጻወት ምኳኑ ገሊጹሉም። ኢንዞ፡ ኮፓ ኣመሪካ 2024 ድሕሪ ምዕታሮም፡ ምስ ገለ ደቂ ሃገሩ ብምኳን "ንፈረንሳ ይጻወቱ፣ እንተኾነ ስድራኦም ካብ ኣንጎላ እዮም፣ ኣደኦም ካብ ካሜሩን እያ። ሽሕ'ኳ ስድራኦም ካብ ናይጀሪያ እንተኾኑ፡ ፓስፖርቶም ግና፡ ናይ ፈረንሳ እዩ።" ኢሉ እናደረፈ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ድሕሪ ምዝርግሑ እዩ ንፈረንሳውያን ደቂ ጋንታኡ ኣቖሒሑ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ቬንዝወላ - ውጽኢት ፕረዚደንታዊ ምርጫ ተቓውሞታት ገጢምዎ

ፕረዚደንት ቬንዝወላ ኒኮላስ ማዱሮ፡ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ እታ ሃገር ድሕሪ ምዕዋቱ - ኣብታ ሃገር ከቢድ ተቓውሞታት ተላዒሉ።

ፕረዚደንት ማዱሮ፡ 51.1 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካብ እዩ - ንሳልሳይ እብረ ተመሪጹ ዘሎ - ብመሰረት ኮሚሽን ምርጫ እታ ሃገር።

መወዳድርቱ ኩይኑ ንዝቐረበ ኤድማንድ ጎንዛለዝ ብጸቢብ ከም ዝሰዐረ፡ ብኮሚሽን ምርጫ እኳ እንተተሓበረ፡ ፖለቲካውያን ተቓወምቲ ናይ'ታ ሃገር ግን - እቲ ወጽኢት ተቐባልነት ከምዘይብሉ ገሊጾም ኣለው።

እቲ ወጽኢት ሓቅነት ከምዘይብሉ፡ ኤድማንድ ጎንዛለዝ 70 ሚእታዊት ድምጺ ከምዝረኸበ - ዝገልጹ እቶም ተቓወምቲ፡ ደገፍቶም ኣብ ጎደናታት ወጺኦም ዘይዕግበቶም ክሰምዑ ጸዊዖም።

በዚ ድማ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ቬንዝወላውያን ኣብ ጎደናታት ከተማ ካራካስን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታትን ብምውጻእ፡ ተቓውሞታቶም የስምዑ ከምዘለዉ ይግለጽ ኣሎ።

ኣብ መንጎቶም ናብ ቤተ-መንግስቲ እታ ሃገር ክይተረፈ ዘምርሑ ዝነበሩ ተቓወምትን ኣባላት ጸጥታን ብዘተፈጥረ ግጭት፡ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ሰባት ከምዝቐሰሉ እውን ተሓቢሩ።

ሓያሎ ሃገራት ምዕራብን ላቲን ኣመሪካን፡ ከምኡ'ውን ከም ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኣመሰለ ዓበይቲ ኣህጉራውያን ውድባት፡ እቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ቬንዝወላ ዝተኣከበ ናይ ምርጫ ወረቓቕቲ ዳግማይ ክረአ ክጽውዓ ጀሚረን ኣለዋ።

ቬንዝወላ፡ ካብ 6 ናይ ላቲን ኣመሪካ ዝኾና ሃገራት - ቺሌ፡ ኮስታ ሪካ፡ ፓናማ፡ ፔሩ፡ ዶሚኒካን ረፓብሊክን ኡራጓይን ዝኾኑ ዲፕሎማስኛታት፡ ካብታ ሃገር ክወጽኡ ኣዚዛ ኣላ።

ብሰንኪ'ቲ ተኸሲቱ ዘሎ ዕግርግር፡ ካብ ቬንዝወላ ናብ ፓናማን ዶሚኒካን ረፓብሊክን ክካየድ ዝጸንሐ በረራታት እውን ንግዚኡ ደው ከምዝበል መንግስቲ ቬንዝወላ ኣፍሊጡ።

ን11 ዓመታት ከም ፕረዚደንት ቬንዝወላ ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ - ኒኮላስ ማዱሮ፡ ኣብ 2013 እዩ ብመንገዲ ምርጫ መጺኡ።



## ህንዲ - ብምህማም መሬት 41 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ክፍለሃገር ኬራላ - ህንዲ፡ ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋ ምህማም መሬት፡ ብውሑዱ 41 ሰባት ከምዝሞቱ ማዕከናት ዜና ሓቢረን።

በቲ ሓደጋ፡ ልዕሊ 70 ሰባት ህሱያት፡ ካልኦት ብኣማኢት ዝቑጸሩ እውን በቲ ፍርሰራስ ዝተጸቕጡ ብምህላዎም፡ ቁጽሪ ምውታት ካብ'ዚ ተጠቒሱ ዘሎ ኣዝዩ ክዛይድ ከምዝኽእል፡ ሰብመዚ'ታ ሃገር ስግኣቶም ይገልጹ።

እቲ ሓደጋ ምህማም መሬት፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ'ታ ሃገር ከቢድ ዕንወት ከምዘውረደ ዝጠቐሰ ሓደ ካብ ሳዕለምት ሰብመዚ ብዝወሃቦ፡ ኣብታ ክፍሊ-ሃገር ዝርከብ - ኑዑን ብ'ቲን 'ኣርዳሞምን' ዝፍለጣ ዓድታት ዘራኽብ ዓቢ ድንድል እውን ከምዝፈረሰ ሓቢሩ።

ንዝመጽእ ሓደት መዓልታት'ውን ኣብቲ ከባቢ ብርቱዕ ዝናብ ክቕጽል ከምዝኽእል ዝኣምቱ ክኢላታት ሜትዮሮሎጂ፡ ዜጋታት ጥንቃቐታቶም ክሐይሉ ጸዊዖም ኣለው።

ኣብ ክፍለሃገር ኬራላ፡ ኣብ 2018 ብተመሳሳሊ፡ ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕን ምህማም መሬትን፡ ልዕሊ 400 ሰባት ከምዝሞቱ ናይ ሽዑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

እቲ ምህማም መሬት ዝተኸስተሉ ከባቢ፡ ኣገልግሎት መራኸቢታት ዘይብሉ ብምዃኑ፡ ኣባላት ሰሸላዊ ድሕነት ከም'ቲ ዝድለ ስራሓቶም ከሳልጡ ከምዘይክእሉ ይግለጽ።



## ዕዳ ኣመሪካ ልዕሊ 35 ትሪልዮን ዶላር በጺሑ

ሃገራዊ ዕዳ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ልዕሊ 35 ትሪልዮን ዶላር ከምዝበጽሐ፡ ቤት-ጽሕፈት ግምጃ/ትረዠሪ እታ ሃገር - ዝሓለፈ ሰሉይ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ ገሊጹ።


እዚ መጠን ዕዳ እዚ፡ ኣብ ታሪኽ እታ ሃገር ዝለዘለ ምዃኑ ዝጠቐሰ እቲ ቤት-ጽሕፈት፡ ኣብ'ቲ ዝሰራሓሉ ዘሎ ግዚፍ ወጻኢታት ምምሕያሽ ምግባር ኣድላዪ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣመሪካ ኣብ'ዚ ዓመት እዚ ጥራይ 1 ትሪልዮን ዶላር ከምእተለቅሐት ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ቀንዲ ጠንቂ ወሰኽ ናይ'ቲ ኣብ'ዚ ኣዝዩ ተራእዩ ዘሎ ብራኽ - ንሱ ምዃኑ ኣገንዚቦም።

ፕረዚደንት ጆ ባይደን ስልጣን ካብ ዝሓዘ ንደሓር፡ ዕዳ ኣመሪካ ብልዕሊ 16 ትሪልዮን ዶላር ከምዝወሰኸ ካልኦት ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ብመሰረት ሓበሬታ ቤት-ጽሕፈት ትረዠሪ ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ - ሃገራዊ ዕዳ ኣመሪካ ብልዕሊ 2.4 ትሪልዮን ዶላር ክቢብ ኢሉ።

ኣብ 2016፡ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝዝበረሉ እውን፡ ዕዳ ሃገር ንምጉዳል እኳ ዓበይቲ ወፍርታት ክተየድ እንተተፈተኑ፡ ኣብ ባይታ ዘምጽኦ ለውጢ ከምዘይነበረ ጸብጻባት የረድኡ።




## ሩስያ፡ ኣብ ደቡብ-ኣፍሪቃ ኣብ ዝካየድ ምርኢት ምክልኻል ትሳተፍ

ፌደረሽን ሩሲያ፡ ኣብ'ቲ ዝመጽእ ወርሒ መስከረም ኣብ ደቡብኣፍሪቃ ዝካየድ - ሰፊሕ ምርኢት ምክልኻል ከምእትሳተፍ ብወግዒ ኣፍሊጣ።

እቲ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝዓበየ ምዃኑ ዝነገረሉ ዘሎ ምርኢት ምክልኻል፡ ካብ 18 ክሳብ 22 መስከረም ከምዝካየድ እዩ ዝቃላሕ ዘሎ።

በዚ ኸኣ፡ ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ መዓልታት ወተሃደራዊ ልኡኽ ሩሲያ ናብ ደቡብኣፍሪቃ ምብጻሕ ከምዝተኻየደ ተሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ምርኢት ብዘወሃኸ፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጽኡ ልዕሊ 300 ኩባንያታት ምክልኻል እውን ክሳተፉ ከምዝኽእሉ እቲ ሓበሬታ የረድእ።

ሩሲያ፡ ኣብቲ ዝግለጽ ዘሎ ምርኢት ዝሳተፉ ናይ ውግእ ነፈርቲ - ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ደቡብኣፍሪቃ ክትልእኽ ምዃና ሓቢራ ኣላ።



## ኔቶን ኤውሮጳዊ ሕብረትን፡ ንሃንጋሪ ንምንጻል ይሰርሑ

ሃንጋሪ እቲ ልዕሊ ክልተ ዓመት ኣቑጺሩ ዘሎ ኲናት ዩክሬን ብሰላም ክዓርፍ ጻዕርታት ብምኽያዱ፡ ኔቶን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ክንጽልዋ ከምዝኽእሉ ይግለጽ ኣሎ።

ሃንጋሪ እተካይዶ ዘላ ገስጋስ፡ ምስ ፖሊሲታት ኔቶን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ከምዘይሳነ ዝሕብራ - ፖላንድ እትርከበን ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ፡ ድሮ እታ ሃገር ካብቲ ኪዳን ክትወጽእ ጸውዒት የቕርባ ምህላወን ተፈሊጡ።

እቲ ስጉምቲ፡ ኣባላት ኔቶን ኤውሮጳዊ ሕብረትን - ኲናት ዩክረይን ብሰላም ክዓርፍ ድሌት ከምዘይብለን ከም ዘመልክት እዩም ጸብጻባት ዘገንዘቡ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሃንጋሪ ቪክቶር ኦርባን፡ ነቲ ኲናት ብዘተ ንምዕራፍ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ምስ መራሕቲ ህዝቦቺት ረፓብሊክ ቻይናን ቱርኪን ከምዘዘተየ ይዝከር።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኦርባን፡ ፖሊሲታት ሃገራት ምዕራብ ኣብ ጉዳይ ኲናት ዩክሬን ከም ዝፈሸለ - ኣቓዲሙ ኣተንቢሁ ነይሩ።

ሃንጋሪ ንዩክሬን ዝግበር ወተሃደራዊ ደገፍ፡ ነቲ ኲናት የጋድዶ ከምዘሎ ብምምልካት - ካብ ብዓንተቦኡ ክትቃወሞ ከምዝጸንሐት ምንጪታት የረድኡ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓማሴን | 31/07/2024 | ጎደና ሓማሴን -176 ቁ. 1፡ ከባቢ ሴዳው | 1202050 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services